ሓዳስ ኤርትራ

መበል 28 ዓመት ቁ.109 ቀዳም 5 ጥሪ 2019 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ካብ 200 ዋት ናብ
ኣድማስ ኢንተርነት

ገጽ 5
ዘይምቅዳው ቻይናን
ታይዋንን ክሳብ መዓስ?

ገጽ 6
ኪዳን' ቶም መጸምድቲ

ገጽ 9
ናትናኤል ናብ
ዳይመንሽን
ዳታ
ኣምሪሑ

ገጽ 10
"ድምጺ ሓፋሽ"ዶ
"ድምጺ ሓቂ"

ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ኬንያ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ይፍጽም ኣሎ

ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብን ዝቖመ ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ሪፓብሊክ ኬንያ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ይፍጽም ኣሎ።

እቲ ላዕለዋይ ልኡኽ፡ ትማሊ ዓርቢ 4 ጥሪ ኣብ ከተማ ናይሮቢ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኬንያ ኣምባሳደር ሞኒካ ጁማ ተራኺቡ፡ ኣብ ኸኣ ምዕማቑን ናይ'ቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ኡሁሩ ኬንያታን ብ15 ታሕሳስ ዝተረዳድኡሉ ዛዕባታት ዘትዩም።

ኣብ'ቲ ኣኼባ ብወገን ኤርትራ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ኬንያ ኣቶ በየነ ርእሶም፡ ብወገን ኬንያ ድማ ሚኒስተር ወሽጣዊ ጉዳያት ተረኺቦም ነይሮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብ15 ታሕሳስ 2018 ኣብ ኬንያ ወግዓዊ ምብጻሕ ብምፍጻም፡ ምስ ፕረዚደንት ኡሁሩ ኬንያታ - ብቐንዱ ኣብ ምዕዛዝ ክልተኣዊ ሽርክነታዊ ዝምድናን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዞባዊ ምዕባለታትን ዘተኮረ ዝርርብ ከምዘካየዱ ይዝከር።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ክልቲኦም መራሕቲ፡ ኣብ ኤርትራን ኬንያን ዝዘሎ ዓቢይቲ ዕድላት ብምግንዛብ፡ ኣብ ጽላታት ንግድን ወፍርን ዝዕበ ምትሕግጋዝ ንምዕባይ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ተኸሲቱ ዘሎ እወታዊ ሃዋህው ሰላምን ምትሕብባርን መሰረት ብምግባር፡ ዞባዊ ምትሕግጋዝ ንምዕዛዝ - ብሓባር ክሰርሑ ተሰማሚዖም እዮም።

ኣመሓዳሪ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ንወከልቲ ህዝቢ ከተማ ባጽዕ ሰሚናር ኣካዪዱ

ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ልብሱ፡ ብ3 ጥሪ ንወከልቲ ህዝቢ ከተማ ባጽዕ ኣብ ዝገበሮ ሰሚናር፡ ሃገራውን ሰውራውን ክብርታት ብምዕቃብ መደባት ልምዓት ምድንፋዕ፡ መድረኽ ዘሰክሞ እዋናዊ ዕማም ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

"ብግቡእ ዝተወደበን ዝተጠርነፈን ህዝቢ፡ ኣብ ዓወት ክዓጉቶ ዘኽእል ሓይሊ ከምዝዀነ፡ ሓርነታዊ ቃልስና ህያው ኣብነት'ዩ" ዝበለ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ፡ ህዝቢ ከም ወትሩ ኣብ ንቕሓት ዝተመርኩሰ ውዳበታቱን መሳርዑን ብምድልዳል፡ ጸጥታ ከባቢኡ

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

ስ/ መሓሪ በላይ

ሓመልማሎ - ተሳታፍነት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዕብየት መዝገቡ

ስ/ ሃብተገርግሽ ተስፋማርያም

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ተሳታፍነት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕብየት ከም ዘመዝገበ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ጃብር ኢብራሂም ገለጸ፡፡

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ካብ ዘርከብ 17 ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝተዋጽኡ 60 መማህራን፡ ርእሰ-መማህራንን ሱፐርቫይዘራትን፡ ኣብ ዝተሳተፉዎ ናይ ሓደ መዓልቲ ስልጠና፡ መምህር ጃብር፡

ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝመሃሩ 3,142 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 6,725 ተመሃሮ ከም ዝለዉ፡ ኑቶም ኣብ መደብ 'ዓረዶት' ዝሳተፉ ሓዊስካ ድማ - እቲ ቁጽሪ 7,750 ከም ዝበጽሕ ኣረዲኡ፡፡

ንመማህራን ዝወሃብ ኣብ ምርግጋጽ ብቕዓት ተመሃራይ ዘተኩረ ስልጠና፡ ምስ ወለዲ፡ ኮሚቲ፡ መማህራንን ሱፐርቫይዘራትን ዝፍጸድ ርክበን እውን ኣተባባዒ ወጽኢት ይህብ ከም ዘሎ ሓቢሩ፡፡

ኣቦ-መንበር ማሕበር መማህራን ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ መምህር ክብሮም ጉብረዝጊ ብወገኑ፡ ማሕበር - ዓቕሚ መማህራን ብምሕያል መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምድንፋዕ ዝውድቦ ስልጠና ብዘለዓለ ከም ዝደፍኣሉ ገለጸ፡፡

ኣቍርደት - ነበርቲ ብእርጋን ጥንታዊ ህንጻታት ስክፍታኦም ይገልጹ

ኣብ ከተማ ኣቚርደት ዝተደኮነ ጥንታዊ ህንጻታት፡ ብሰንኪ እርጋንን ባህርያዊ ሓደጋታትን ይዓኑ ስለዘለዉ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ቈላሕታ ክገብሩሉ፣ ነበርቲ ንኤሪና ኣብ ዝሃቡዎ ሓበሬታ ኣተሓሳሰቡዎም፡፡

እቶም ዓቕሞም ክገብሩ ድልውነቶም ዘረጋገጹ ነበርቲ፡ እቲ ኣብ እዋን መግዛእታዊ ስርዓታት ቱርኪን ጥልያንን ዝተሃንጸ ወቂብ ህንጻታት፡ ታሪኻውን ቱሪዝማውን ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ብምጥቃስ፡ ዛጊት ንምጽጋኑ ዝተወስደ ተበግሶ ስለዘየሎ፡ ኣሰር ዘይብሉ ከይብርስ ስክፍታኦም ገለጾም፡፡

ንሳቶም ኣብ መወዳእታ፡ ህዝቢ ዝሳተፈሉ ናይ ምድሓን ተበግሶ ክውሰድ ጸዊዖም፡፡

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ሳራ ኣለም
ሊድያ ስልጣን

ካብ 1ይ ገጽ ዝቐጸለ

ኣመሓዳሪ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ንወከልቲ ህዝቢ . . .

ኣብ ምውሓስን ብቑዓት መንእሰያት ኣብ ምኽስኻስን ብዝለዓለ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ፡፡

ኑብሰኻ ምኽኣል ሓደ ካብ ጸኑዕ ፖሊሲታትን ስትራተጂን መንግስቲ ኤርትራ ምዃኑ ጠቒሱ ድማ፡ ቡብከባቢኡ ዝሰላሰል ልምዓታዊ መደባትን ብደረጃ ኮም ዝውደብ ስራሓትን ኣካል ሃገራዊ ወፍሪ ጥሙር መኸተ ስለዝኾነ፡ ተኣትዩ ምስ ዘሎ መዋእል ሰላም ዓጸፋ ክድፋኣሉ ምዃኑ ኣረዲኡ፡፡ ኣብ መጻኢ ከተማ ባጽዕ ዘሎ ሰፊሕ ዕድላት - ንህዝባ ማእከል ዝገበረ ከም ዝኾነ ድማ ገሊጹ፡፡

ተጠቃምነት ናይቶም ብልዑል ወጻኢታት ተሃኒጾም ዘለዉ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምርግጋጽ፡ ቡብከባቢኡ ዕቱብ ንጥፈታት ክሰላሰል፡ ብፍላይ ድማ ተሳታፍነት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንምዕባይ ዝለዓለ ቈላሕታ ክወሃቦ ኣዘኻኺሩ፡፡

ኣኼበኛታት፡ ብደረጃ ሃገርን ብደረጃ ዞባን ዝወጹ ውጥናት ንምዕዋት ዘለዎም ቅሩብነት ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ህሉው ኩነታት ዘብርህ ኣማእዛዊ ሰሚናራት ቡብደረጃኡ ቀጻልነት ክህልዎ፡ ጽርየት ከተማ ባጽዕ ብዕቱብ ክርኣ፡ ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ ስልጣን ክብ ንምባል ብዕቱብ ክስራሓሉ ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታት ኣቕሪቦም፡፡

ሎሚ መደብ ERI-TV

ሰዓት	መደብ
09፡00	ኤሮቢክስ
09፡30	ሄሎ ቆልዑ
09፡10	ዶክመንታሪ
11:00	ፓኖራማ
12:30	ዜና ትግርኛ
12:50	ሕጊ ንዕብየትን ንስኒትን
13:30	ዜና ዓረብ
13:45	ፍሉይ መደብ
14:30	ሓዳሽ ተኸታታሊትፊልም መርዓኻ የርእየኒ 3ይ ክፋል
15:10	መደብ ናትራን
17:10	ሳይዳ
17:55	ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ
19:00	ዳረት ቃና
20:00	ዜና ትግረ
20:10	ሄራር
21:00	ዜና ትግርኛ
21:25	ማህደር
22:00	ዜና ዓረብ
22:10	መላምሕ
22:30	ዜና እንግሊዝ

ሰንበት

ሰዓት	መደብ
09፡00	ፊዮሪና
10፡00	ሄሎ ደባይዋ
11፡45	ዶክሜንታሪ
12፡15	ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ብቐጥታ
13፡15	ፓኖርማ
14፡00	ሞዛይክ
16፡30	ፍሉይ መደብ
17፡00	ማእገር
18፡45	ህርመት
20:00	ዜና ትግረ
20:10	ተኸታታሊት ፊልም መንቀብ 14
21:00	ዜና ትግርኛ
21:25	TECH INSIGHT
22:00	ዜና ዓረብ
22:10	ሙ/ድራማ
22:30	ዜና እንግሊዝ

ሰኑይ

ብኣጋጣሚ በዓል ልደት ኣገልግሎት ተለቪዥን ኤርትራ፡ ንኩሉኹም ርሑስ ኣውደኣመት ክኾነልኩም እናተመነየ ፡ንሰኑይ ሰዓት 9፡00 ንግሆ ዝጅምርን ኣብ ጁባ ደቡብ ሱዳን ዝካየድ ህዝባዊ በዓል ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ መዘነይን መምሃርን መደባት ከነቕርበልኩም ኢና፡፡

ኣልማዕቲ ጀራዲን ን/ዞ/ተሰነይ ብፍርያቶም ይተባብዑ

ኣብ ለስታት ሩቡጋሽ መስኖኣዊ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ዘካይዱ ዘለዉ ኣልማዕቲ ጀራዲን ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ እቶቶም ብዓይነትን መጠንን ክብ ንምባል ዘካይዱዎ ጻዕሪ - ጽቡቕ ወጽኢት ከም ዘርከበሉ ገሊጾም፡፡

ኣቦ-መንበር ማሕበር ኣቶ ዑስማን ሸንኩብ፡ ብማሕበር ምጥርናፎም ሓይልን ውዳበን ከም ዘፈጠረሎም ብምሕባር፡ ጠለብ ከባቢኦምን ኪኖኡን ዝምልስ ፍርያት ክሓፍሱ ከም ዝበቕዑ ገሊጹ፡፡

ኣባላት ማሕበር እውን፡ መብዛሕትኦም ሓረስቶት ናይ'ቲ ከባቢ ባህርያዊ ድኽዒ ከም ዝጥቀሙ፡ ብኣኡ መንጽር ድማ ፍርያቶም ልዑል ጠለብ ደረኽብ ምህላዉ ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብ መንጎ ሓረስቶትን ተገልገልትን ኮይኖም ዋጋታት ዘንሁሩ ዘለዉ ደላሎ መውረርያ ክግበረሎም ኣተሓሳሲቦም፡፡

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ 173 ሓረስቶት ብማሕበር ተጠርኒፎም ኣስታት 1,600 ሄክታር የልምዑ ከም ዘለዉ ዝሓበረ - ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣቶ ብርሃነ ኣስመላሽ፡ ኣብ 2018 ኣስታት 100 ሽሕ ኩንታል ኣሕምልትን ልዕሊ 40 ሽሕ ኩንታል ፍረታትን ናብ ዕዳጋታት ከም ዝቐረቡ ኣብሪሁ፡፡

ኣብ መንጎ ሓረስቶትን ተገልገልትን ቀጥታዊ ርክብ ብዘይምህላዉ፡ ዕዳጋ ብደላሎ ክዋቓዕ ከም ዝጸንሐ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ተገልግልትን ኣፍረይትን ግዳይ ክኾኑ ከም ዝጸንሑ፡ ነዚ ንምቕላል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ሓረስቶት ፍርያቶም ብቐጥታ ናብ ተገልገልቲ ዝሸጡሉ መኻዚኖ ፈቲሑሎም ከም ዘሎን ኣብ ቀረባ ግዜ ስርሑ ከም ዝጅምርን ድማ ገሊጹ፡፡

ካብ 200 ዋት ናብ ኣድማስ ኢንተርነት

ኣብዚ ሳልስቲዚ፡ ብኢጋጣሚ ማዕል 40 ዓመት ምምስራት 'ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ' ኣብ ዝተኻየደት 'ሜጽሔት' ካብ ዝቐረበ ዓንቀጻት ሓደ እዩ - ኣዳላዊ ሽዑብ ኣርኣያ።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ድምጺ ወጽዓ ህዝቢ ኤርትራን ሓቀኛ ቃልሱን ንዓለም ንምስማዕ ቅድሚ 10ታት ዓመታት ፈነወ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ክጅምር እንከሎ፡ ተወፋይነትን ተበላሓትነትን ኣቦላት ተኻኢኑ፡ ደሃይ ድምጺ ሓፋሽ ልዕሊ ኩሉም መሰናኽላት በሪኹ፤ ዓወት ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ግድን ምዃኑ ክምስክር ልዑል ተራ ተጻዊቱ'ዩ'ም። ኣሃዱ ተኻኢኑ ድምጺ ሓፋሽ ምስ ምዕባለ ሰውራ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዓቕሙ ክዐቢ እናበለ፡ እቲ ብ200 ዋት ዝጀመረ ፈነወ፡ በዮም ዘለዉ ምዕቡላት ኣገባባት ፈነወ ማለት ብሳተላይትን ኣድማስ ኢንተርነትን ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ሰማዕቲ ድምጺ ሓፋሽ መደባታ ብንጹር ክከታተሉ ኣብ ምስራሕ ይርከቡ።

ዳይረክተር ጀነራል ክፍሊ ምህንድስና ሚኒስትሪ ዜና ኢንጂነር ብርሃነ ገብረእግዚኣብሄር ሓደ ካብ'ቶም ንድምጺ ሓፋሽ እግሪ ዘትከለ፡ ገዳም ኣባል ቴክኒክ'ዩ። ንጉዕዞ 40 ዓመት፡ ዝነበረ ብድሆ፡ ተበላሓትነትን መጻኢ ኣንፈት ፈነወ ድምጺ ሓፋሽን እንታይ ከም ዝመስል ኣዕለሉና ኣሎ'ሞ ሰናይ ጽንሒት።

ፈነወ ቅድሚ ናጽነት

ኣብ'ቲ መጀመርታ ፈነወ ብ200 ዋት እዩ ፈሊሙ። ጸኒሕና ናብ 750 ዋት ኣደይብናዮ። ምስቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ድምጺ ሰውራኡ ንምስማዕ ዝነበሮ ልዑል ባህግን ድልየትን ኩሉ እቲ ሽፈነ ዕውት'ዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ጸላኢ፡ ድምጺ ሓፋሽ ኣብ ህዝቢ ዝነበራ ልዑል ተቐባልነት ኣጸቢቑ ይርዳእ ብምንባሩ፡ ድምጻ ንምዕፋን፡ ብፍላይ፡ ካብ 1982 ክሳብ 1987 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ብቐጻሊ ጃም ይገብራ ነይሩ። ዚ በተን ዝነበራና ንኣሽቱ ትራንስሚተራት መስመራት እናቐያየርና ንብድሆ ነይርና። እቲ ሚሌ ንሕና ፍሪኩዌንሲ ንቕይር፡ ህዝብና ድማ ብኽልተ-ሰለስተ ሬድዮ ገይሩ እናቐየረ ኩነታት ሰውራኡ ይሰምዕ ነይሩ። ካብ 1985 ንድሓር ክሳብ ኣርባዕተ ዝጽሓ ፈነውቲ ሬድዮታት ነይረናና። ጸላኢ ድማ ንመደባቱ ገዲፉ ጃሚን ይገብር ስለ ዝነበረን ዓቕሙ'ውን ስለ ዝተዳኸመ፡ ኣብ መወዳእታ ነቲ ፋይዳ ዘይረኸበሉ ጃሚን ከቋርጽ ተገዲዱ።

ኣብ መወዳእታ 90ታት ዓቕሚ ፈነውና ናብ 1.2 ኪሎ ዋት ክብ ኣቢልናዮ ኢና። ኣብ ድሮ ናጽነት ከኣ ኣብ ሻባይት ናይ 10 ኪሎ ዋት ክንተክል መደብ ነይሩና፡ እዚ መደብ ከይተተግበረ ግን ናጽነት ኣርከበ።

ፈነወ ድሕሪ ናጽነት

ድሕሪ ናጽነት እታ ኣብ ሻባይት ክትትከል ዝተሓሰበት ናይ 10 ኪሎዋት ትራንስሚተር ኣብ ኣስመራ ተተኺላ፡ ፍርቆም ኣባላት ኣብ ናቕፋ፡ እቶም ፍርቂ ድማ ኣብ ኣስመራ ኮይኖም ፈተነታት የካይዱ ነይሮም። ኣብ መዓልቲ ሰማእታት 20 ሰነ 1991 ድማ ካብዚ ክልተ ቦታታት ብማዕረ ክንፍኑ ጀሚርና። ድሕሪ'ዚ እቲ ኣብ ናቕፋ ዝነበረ መደበር ተዓጽዩ ምስ'ቲ ኣብ ኣስመራ ዝነበረ መደበር ተጠርኒፉ። ብዘይካ እታ ኣብ ሜዳ ዝነበረት ናይ 10 ኪሎ ዋት ሓጺር ማዕበል፡ ኣብ ኣስመራ ናይ 50 ዋት ማእከላይ ማዕበል ትራንስሚተር ስለ ዝጸንሓትና፡ ብማእከላይ ማዕበል እውን ክንፍኑ ጀሚርና። ብናይ ትሸዓተኣን ብዘራትና ቋንቋታት፡ ብተወሳኺ'ውን ብቛንቋ ኣምሓርኛ ክንፍኑ መደብ ስለ ዝነበረ ድማ ነቲ ፕሮግራማት ብኽልተ መስመራት ክንፍኖም ተረዲኢና። እዚ ነቲ መስረታዊ ግዜ ፈነወ (Prime-time) ኣብ

ኢንጂነር ብርሃነ ገብረእግዚኣብሄር

ምሕላዉ ረብሓ ነይሩዎ።

ኣብ ሓጺር ማዕበል ሕጽረት ኣይነበረናን። ኣብ ማእከላይ ማዕበል ግን ሕጽረት ስለዝነበረና፡ ነታ ኣብ ፓራዲዞ ብሓደ ኪሎዋት ማእከላይ ማዕበል፡ መደባት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንዓበይቲ ክትፍኑ ዝተተኸለት ትራንስሚተር፡ ምስኣም ብምርድዳእ ክንጥቀመላ ጀሚርና። በዚ ድማ ንቛንቋ እንግሊዝ ወሲኽና ብ11 ቋንቋታት ክንፍኑ ጀሚርና። እዚ ክሳብ 1996 ኣብ ዝነበረ ዓመታት እዩ። ካብኡ፡ ክልተ ኻይ 100 ኪሎ ዋት ማእከላይ ማዕበልን ክልተ ኻይ 100 ኪሎ ዋት ሓጺር ማዕበልን ትራንስሚተራት ዝሓዘ፡ ኣብ ሰላዕ ዳዕሮ ሓደ መደበር ሬድዮ ተተኺሉ። እዚ መደብ'ዚ ንዕቤት ፈነወ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምትካል ስቱድዮ'ውን ዘጠቓለለ እዩ ነይሩ። እንተኾነ፡ ኣብ መጀመርታ 1998፡ ወራር ወያነ ስለ ዝመጸ፡ እቲ ናይ ፈነወ መስርሕ ብዓወት'ኳ እንተተዛዘመ፡ ዕማም ምትካል ስቱድዮ ግን ንግዚኡ ክቕጽል ኣይከኣለን። እቲ ዘድሊ ኣቕሓ ተዓዲጉ ነይሩ። ሽዱሽተ ስቱድዮታት ክንተክል'ዩ መደብና። ዚ ዝኸውን ህንጻ ብዘይምንባሩ ግን ክንተኽሎ ኣይከኣልናን። እቲ ዝተሓሰበ ስቱድዮ እኳ እንተዘይተተኸለ፡ እቲ ስራሕ ባዕልና ተበላሒትና ብዘሰናዳናዮ ናይ ቀደም መስርሕታት ይቕጽል ነይሩ። ንቤት ጽሕፈታት ተሓሲቡ ዝተሃንጸ ክፍልታት ብምዕጻዊ ድምጺ እናሸፈንና፡ ስቱድዮታት ሰሪሕና። ኣብ 2001 ዓ.ም ድማ ተወሰኽቲ ስቱድዮታት ብምህናጽ፡ እቲ ፈነወ ብዝለዓለ ጉልበት ከምዝቕጽል ክንገብር ክኢልና። ንቐጻሊ ተለቪዥንን ሬድዮን ዝግልገሉ ዓይነት ስቱድዮታት ናይ ምህናጽ መደብ ስለ ዝነበረና፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ዓይነት ስቱድዮታት ክንሃንጽ ኣይደለናን። እቲ ፈነወ ግን ከም ረኣይና፡ ብዝለዓለ ዓቕሚ ይሰርሕ ነይሩ።

ኣብ 2002፡ ክልተ ኻይ 400 ኪሎዋት ናይ ማእከላይ ማዕበል ትራንስሚተራት ተገዚኣን። ምዕዳግ ናይዘን ትራንስሚተራት፡ ነተን 20 ዓመታት ዝገበራ ትራንስሚተራት ንምጽጋን ዝሓልፍ ዝነበረ ጉልበትን ኣብ ልዕሊና ዝነበረ ናይ ስራሕ ጾርን ኣቃሊሉ። እዘን ናይ 400 ኪሎ ዋት ትራንስሚተራት ክሳብ ሕጂ ጽቡቕ ይሰርሓ ኣለዋ። ካብ 2005፡ ብዘይካ'ቲ ናይ ትሽዓተ ብዘሬትና መደባት፡ ኣብ ፈነወ ኣገልግሎት ወጻኢ ከም ኦሮምኛ፡ ሶማሊ፡ ኣምሓርኛን ትግራይን ዝኣመሰሉ ተወሰኽቲ ቋንቋታት ክንፍኑ ጀሚርና። እዚ ግን ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ኢትዮጵያን ኤርትራን ተቛሪጹ ኣሎ።

ንውሓት ግዜን ስፍሓትን ፈነወ

ሰዓታት ፈነወ ምስ ምቕራጽ መደባት ኣገልግሎት ወጻኢ ቀኒሱ ጉዳዩ ኣሎ'ምበር፡ ሓንቲ ትራንስሚተር ንበይና፡ ኣብ ዓመት ክሳብ 9 ሽሕ ሰዓት ኣቢላ እያ ትፍኑ። ኣብ ሰፍሓት ሽፈነ ድማ፡ ብማእከላይ ማዕበል ምስ ኩነታት ንፋስ፡ እቲ ሞገድ ካብ 200 ክሳብ 300 ኪሎሜተር ኣቢሉ ይኸይድ። ፈነወ ማእከላይ ማዕበል ድኹም'ዩ። ካብ 500 ክሳብ 1500 ኪሎ ሄርትዝ፡ ምኽንያቱ ምትእትታው መደበራት - ብፍላይ ናይ'ተን ዓበይቲ ትራንስሚተራት ዘለወን ሃገራት ዓረብ - ስለ ዘሎ፡ ብማእከላይ ማዕበል ምፍናው ናቱ ጸገማት ኣለዎ።

ሓጺር ማዕበል ብባህርያቱ ንቐረባ ርሕቀት ኣይሽፍንልካን'ዩ። ኣብ ርሑቕ ቦታ ግን ብንጹር'ዩ ዝስማዕ። ስለ'ዚ ነቶም ኣብ ቀረባ ዘለዉ ሰማዕትና ብማእከላይ ማዕበል ከነስምዕ እንኽእለና፡ ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ድማ ብሓጺር ማዕበል ንፍንወሎም። ብተወሳኺ ብሳተላይት እውን ፈነወ ሬድዮ ኣለና። ኣብ ሳተላይት ሬድዮ ዛራ፡ ንሙ፡ መስመር ሓደ ድምጺ ሓፋሽን መስመር ክልተ ድምጺ ሓፋሽን ዝፍንዋሉ ኣርባዕተ መስመራት ኣለና። ፈነወ ሳተላይት ይፈላለ'ዩ። ኣብ ኣራብሳት ብኣርባዕተኡ መስመራት ክንፍኑ እንኽእለና ብናይል ሳት ግን ብኽልተ መስመራት ጥራይ ኢና ንፍኑ። ዚ ንምፍታሕ ከኣ፡ ፈለማ ቀዳማይን ካልኣይን መስመር ድምጺ ሓፋሽ ንፍኑ'ሞ፡ ፈነወ ድምጺ ሓፋሽ ምስ ተዛዘመ፡ ብፈነወ ሬድዮታት ዛራን ኑማን ንትክኦ።

በዚ እንኽተሎ ዘሎና ኣገባብ ፈነወ፡ ኣብ ኣራብሳት ንኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምብራቕን ኤውሮጳን ዝሽፍን 2 ሳተላይት ኣለና። ንኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ድማ ሳልሳይ ሳተላይት ኣሎ። ኣብ ናይል ሳት ድማ ሓንቲ ኣላትና። ነቲ ዛጊት ክንሽፍኖ ዘይከኣልና እሞ ብዙሕ ተኸታታሊ ዘለዎ ሰሜን ኣመሪካን ካናዳን ከኣ ምስ ደንደን ኤል ኤል ሲ (DLLC) ዝበሃል ኩባንያ ብምትሕብባር መንገዲ ኢንተርነት ብቐጥታ መደባትና ኣብ ምፍናው ንርከብ። ብዘይካ'ዚ ናይ ድምጺ ሓፋሽ ኣገደስቲ መደባት ብምምራጽ፡ ኣብ ዩቲዩብ ኣቲዩን ብመንገዲ ፈስቡክ'ውን ንዝርግሖን ኢና። ስለ'ዚ ድምጺ ሓፋሽ ኣብ መላእ ዓለም ትብጽሕ ኣላ ክንብል ንኽእል።

ኣብ ተኽኒካዊ መዳይ እምበኣር፡ እቲ ክበጽሕ ዝኽእል ምዕባለ በጺሕናዮ ኢና ክንብል ንኽእል። እዚ ምሉእ ክኸውን ግን ድምጺ ሓፋሽ ተወዳዳሪት ክትከውን ድማ ኣብ ዓይነት መደባት ምጽዓርን ዘድሊ መቐያየሪ ኣቕሑ ምቕራብን ከድልየና'ዩ።

ብድሆታትን ተበላሓትነትን

እቲ ክሳብ ሕጂ ዝጸንሐ ዝዓበየ ብድሆና ምስ ዋሕዲ ባጀት ተኣሳሲሩ፡ መቐያየሪ ኣቕሑ ከምቲ ዘድሊ ክትገዝእ ዘይምኽኣል'ዩ። ነቲ ዘጋጥም ጸገማት ንምፍታሕ ከኣ፡ በቲ ናይ ሜዳ ባህልና፡ ኣብ ነብስና ብምምርኳስን ብምብልሓትን ጸገማታት እናፈታሕና ክንከይድ ጸኒሕና። ምስ ምዃር ዕድጋ መቐያየሪ ኣቕሑ፡ ነቲ ዝተበላሸወ ኣካል ጥራይ ብምዕራይ ወጻኢታት ክንድሕን ኢና መሪጽና። በዚ ኣገባብ እተን መሳርሒታት ንልዕሊ ዕስራ ዓመታት ብጽቡቕ ከም ዘገልግላ ገይርና።

ወራር ወያነ ምስ ፈሸለ ንኣብነት፡ እቲ ኣቐዲምና ዝደለናዮ ናይ ስቱድዮ መስርሕታት እንታይ ይኹን ዝብል ሓሳብ መጺኡ። ህንጻ'ውን ተሰሪሑ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ንብረት ዝዓደግናሉ ትካል፡ እቲ መስርሕታት ከይተተኸለ ሓሙሽተ ዓመታት ስለ ዝሓለፈ፡ ናይ ምትካል ሓላፍነት ክወስድ ፍቓደኛ ኣይነበረን። ኣብ 2000 ዓ.ም. ንስቱድዮ ሬድዮ ዛራ ብናትና ዓቕሚ ተኸልናዮ ስለ ዝነበርና፡ በዚ ተተባቢዕና ነቲ ሓድሽ መስርሕ ስቱድዮ ባዕልና ክንተኽሎ ተበጊስና። ሸሞንተ ስቱድዮታት ከኣ ብጽፈፍ ክንተክል ክኢልና። በዚ ድማ ንመትከሊ ክወጽእ ዝተሓሰበ ክሳብ 100 ሽሕ ዩሮ ኣድሒንና። እቲ ዝዓበየ መኽሰብና ግን ነቲ ስቱድዮ ባዕልና ብምትካልና፡ ካብቲ ስራሕ ተሞኩሮ ምድላብና፡ ነቲ ኣብ መስርሕ ክጋጥም ዝኽእል ተኽኒካዊ ጸገማት ብናትና ክንፈትሖ ዘኽእለና ፍልጠት ምጥራይናን እዩ።

ወያነ ኣብ እዋን ወራር ዘይገበሮ፡ ኣብ 2008፡ ነተን ክልተ ሓጸርቲ ማዕበል ትራንስሚተራት ክዕጽዋን ጀሚሩ። እዚ ሓደ ካብ'ቶም ዘጋጠሙና ብድሆታት'ዩ ነይሩ። ጃሚን ምብጻሕ ኣብ እዋን ቃልሲ ዘጥረናዮ ኣኽሊ ተሞኩሮ ስለ ዝነበረና፡ ፍልይቲ ኣሃዱ ብምቛም 7 ሓጺር ማዕበል ትራንስሚተራት ወሲኽና። እዘን ናይ 10 ኪሎ ዋት ዓቕሚ ዘለወን ትራንስሚተራት ኣብ 2009 ዓ.ም. እየን ተተኺለን። በዚ'ኣተን ካልእ ሜላታት ናትናን ድማ ኣብ መወዳእታ ነቲ ጃሚን ክንፈሽሎ ክኢልና።

ምፍራይ ብቑዓት ሓላፍነታውያን ዓቕሚ ሰብ ሓደ ካብ ዕላማታትና እዩ። ናይ ካልኦት ሃገራት ኢንጂነራት እንተ ደኣ ተዓዚብና፡ ናይ ምብልሓት መንፈስ የብሎምን፡ ምኽንያቱ ናይ ወጻኢታት ጸገም ስለ ዘይብሎም፡ ሰራሕም ዝተበላሸወ ኣቕሓ ምቕያር ጥራይ እዩ። ከምቲ ናቶም ንሕና ዘዋጽኣና ኣይኮነን። ስለ'ዚ፡ ነቲ ካብ ሜዳ ዝፈለመ ናይ ምብልሓትን ርእሰ ምርኮሳን ባህሊ ኣብ መንእሰያትና ከስርጽን ተገዲሱ ክቕበሉ ዝኽእል ወለዶ ክንኽተሰሰን ኣለና። ኣብ ቀዋሚ ዙርያታት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝተመደቡና መንእሰያት፡ እዚ ባህሪ'ዚ ኣሰሪጽናዮ ኢና። ኣብ'ዚ ናይ ሕጂ ወለዶ ድማ እቲ ስራሕ ከም ናቶም ርእዮም፡ ወጻኢታት ዘድሕኑ መሃዝቲ መንእሰያት ከፍሪ ኣብርቲዕና ክንሰርሕ ኣለና።

ኣብ'ቲ ብኢንተርነት ዝኸይድ ፈነውና ቅድሚ ሕጂ ውዕላት ስለ ዘይነበረና፡ ገለ መርበባት ኢንተርነት ንመደባትና ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ክፍንውዎ ጸኒሖም እዮም። እዚ ነቲ ደንደን ኤልኤልሲ ዝተባህለ ምስና ሕጋዊ ውዕል ዘለዎ ኩባንያ ጸገማት ይፈጥረሉ ኣሎ። ስለ'ዚ እዞም ዘይሕጋውያን ፈነውቲ ተለልዮም ብሕጋዊ መገዲ ደው ንምባሎም ክምኡ'ውን ናይ ዩቲዩብ ኣታዊታትና ክብ ንምባል ክሰርሓሉ እዩ።

መጻኢ መደብ

ናይ ራድዮ ቴክኖሎጂ ብዙሕ ምዕባለ የመዝገበ የለን። ኣብ ቴለቪዥን እንተደኣ ርኢና፡ ኣብ ዲጂታል ፈነወ ብሓንቲ ትራንስሚተር 20 መስመራት ክትፍኑ ዕድል ተፈጢሩ ኣሎ። ብሓንቲ ፍሪኩዌንሲ ዝተፈላለየ መስመራት ክትፍኑ ትኽእል። ኣብ ራድዮ ግን፡ ዋላ'ኳ እቲ ተኽእሎ እንተሃለወ፡ ምስ'ዚ ቴክኖሎጂ'ዚ ዝኸይድ ተቐበልቲ ራድዮታት (ረሲቨራት) ብዋጋ ክቡራት እየን። ህዝቢ ዓዲ ክጥቀመለን ስለ ዘሎ፡ እምበር እዘን ዘለዋና ሓያሎ ትራንስሚተራት፡ ብሓንቲ ትራንስሚተር ሓሙሽተ መስመራት ናይ ምፍናው ዓቕሚ ኣለወን። ንመጻኢ ግን መደብ ኣለና። እዚ ኣብ ግብሪ ምስ ዝውዓል፡ ቋንቋታትና ኣብ ዝመረጽኦ ሰዓታት መደባተን ክፍንዋ፡ ሰማዒ እውን ዝደለዮ መስመር መሪጹ ክከታተል ይኽእል። እዚ ግን ክሳብ ሕጂ ኣይተበጽሐን። ብደረጃ ዓለም ኸ ናይ ተቐበልቲ ሬድዮታት ጸገም ክሳብ ዝፍታሕ፡ ኣብ ዲጂታል ፈነወ ኣይክንኣቱን ኢና። ንግዚኡ ከኣ ምስ መደብ ምስግጋር ቴለቪዥን ናብ ዲጂታል ፈነወ ተኣሳሲሩ ኣብ ሬድዮ ኤፍኤም. ትራንስሚተራት ከነብዝሕ መደብ ኣለና።

ኣብ ቴሌቪዥን ናብ ዲጂታል ፈነወ ንምስግጋር ፕሮጀክት ተታሒዙ መጽናዕቲ ክካየደሉ ጸኒሑ ኣሎ። ብዘይካ'ቲ ብሳታላይት ዝፍኖ ድማ ኣብ ዓሰርተ ሓደ ከተማታት ዲጂታላዊ መደበራት ቴሌቪዥን ክህልዉ'ዩ። ምስ ምስግጋር ናብ ዲጂታል ፈነወ ድማ

ናብ 7ይ ገጽ ይቕጽል

ድምጺ ሓፋሽ ኣብዚ ስቱድዮ'ዚ እያ ተመስሪታ

ጋሻ ሸባብ

“ርሑቕ መገዲ ዳርጋ ካብ እዋን ቈልዕነተይ ኣትሒዙ መካይድተይ’ዩ።”

– ብዓል ሞያ ትምህርታዊ ምሕደራ ሙሉጌታ ዘሙይ

ሙሉጌታ ዘሙይ ዘገርግሽ ኣብ 1982’ዩ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዳምባ ሰሓርቲ ኣብ ዝተባህለት ዓዲ’ዩ ተወሊዱ። መባእታ ኣብ ቤ/ት ዕርዲ ዓወት ደቀምሓረ፡ ማእከላይ ኣብ ቤ/ት ትምህርቲ እምበይቶ፡ ካልኣይ ደረጃ ድማ ኣብ ኣስመራ ቤት ትምህርቲ ሓላይ ድሕሪ ምክትታል፡ ኣብ 2002 ኣባል መበል 15 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብምዃን ንሳዋ ወሪዱ። ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና፡ ናይ ዲግሪ ነጥቢ ብምርካብ፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ዓውደ ምሕደራ ትምህርቲ (Educational Administration) ንኣርባዕተ ዓመት ትምህርቱ ብምክትታል፡ ኣብ 2007 ተመሪቑ። ድሕሪኡ ኣብ ማእከል ፈተና (Bearu Of Standard And Evaluation) ተመዲቡ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ 2010 ኣብ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ (ማይ ነፍሒ) ከም (Garduate Assistant) ናይ’ዚ ዓውዲ ብምዃን ክሰርሕ ጀሚሩ። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ድማ፡ ከም “Assistant Lecturer” ኮይኑ፡ ክሳብ 2015 ነጢፉ። ኣብ መጀመርታ 2015 ንዝለዓለ ዕድል ትምህርቲ (ማስተርስ ዲግሪ) ብምርካቡ ኣብ ቻይና ናይ መሪሕነትን ፖሊሲን (Leadership And Policy) ናይ ክልተ ዓመት ትምህርቲ ድሕሪ ምክትታል ኣብ መወዳእታ 2017 ናብ ሃገሩ ተመሊሱ። ኣብ’ዚ እዋን ኣብ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ፡ ኮሌጅ ስነ ትምህርቲ ከም ብደረጃ ማዕረግ Lecturer II ብዝተመረቐሉ ዓውዲ ይሰርሕ ኣሎ። መንእሰይ ሙሉጌታ ዘሙይ ሓፈሻዊ ተሞክሮኡ ከካፍለና ዓዲምናዮ ኣሎና።

*** ብኩነታት ኣካዳሚያዊ ትምህርቲኻ ክንጅምር?**

- ካብ’ቶም ሸዱሽተ ኣሕዋተይ ኣቐዲመ ዝያዳ ዕድል ትምህርቲ ዝረኸብኩ ኣነ’የ። ምኽንያቱ ኣቦይ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ኣቢለ እንከለኹ፡ ኣብ ሓፋሽ ውድብ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ ንሜዳ ምስ ወጸ፡ ወላዲተይ ንዕና ንምዕባይ ሓላፍነት ስለ ዝኸበዳ፡ እንዳ ኣቦ ሓጉይ ወለዳ ንወላዲተይ ማለት’ዩ ክንሕግዘኪ ብምባል፡ ንዓይ ምስኦም ማለት ጸጓሮ ኣብ ዝተባህለት ዓዲ ከባቢ ደቀምሓረ ወሲዶምኒ ምስኦም ከኣ ዓብየ። ኣብ’ቲ እዋንቲ ከኣ’የ ዕድል ትምህርቲ ክረክብ ክኢለ። ሓቂ ይሓይሸ ኣብ’ቲ እዋን’ቲ ትምህርቲ ብቐሊሉ እርድኣኒ ኣይነበረን። ምኽንያቱ በቲ ናፍቖት ናይ ስድራ በቲ ካልእ ከኣ ርሕቀት ናይ’ቲ ትምህርቲ ከባቢ 12 ኪ.ሜ እናተጓዓዝኩ፡ እሞ ድማ ብዕድመ ንኡስ ብምንባረይ፡ ትምህርቲ ብግቡእ ክከታተል እኽእል ኣይነበረኩን። ድሕሪ ናጽነት ግና ወላዲየይ ካብ ገድሊ ምስ ኣተወ ምክትታልን ሓልዮትን ብምርካበይ፡ ኣብ ትምህርቲ ክነፍዕ ጀሚረ። ክሳብ ሓሙሻይ ክፍሊ ከኣ ማእከላይ ነጥቢ እናረኸብኩ ቀጺለ። ካብ ሻዱሻይ ክሳብ ሻብዓይ ኣብ እምበይቶ ንኡስ ዞባ ጋላነፍሒ ካብ ዳምባ እናተመላለስኩ ናይ 15 ኪ.ሜ. ትምህርተይ ተኸታቲለ።

***ቀጽል. . .**

- ድሕሪኡ ሻሙናይን ታሽዓይን ደረጃ ትምህርተይ ዳግማይ ናብ እንዳቦሓጎይ ብምምላስ ኣብ ቤ/ት ማእከላይ ደረጃ ደቀምሓረ ቀጺለ። ኣቦይ ኣካዳሚያዊን ሞያዊን ትምህርቲ ንኽቕጽል ካብ ደቀምሓረ ናብ ኣስመራ ናብ ዝርከቡ ቤተ ሰብ ብምምጻእ ምስኦም እናተኣለኹ ጉኒ ጉኒ ትምህርተይ ናይ ፋግሮ ሞያ ከጥሪ ኣሰጋጊሩኒ። ኣብ ዓስራይ ክፍሊ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓላይ’የ ጅሚረ ምስ’ቶኣም ቤተሰብ እናተኣለኹ ማለት’ዩ። እንተኾነ ግና መነባብሮ ከም’ቲ ዝድለ ክጥዕመኒ ስለ ዘይከኣለ፡ ኣብ ዓስራይ ክፍሊ ከቋርጽ ተገዲደ። ድሕሪ ዓመት ግና ኣብ እምበይቶ ምስ እንዳሓብተይ ተጸጊዐ ኣብ ኣስመራ ናብ እትርከብ ቤ/ት ካልኣይ ደረጃ ሓላይ ትምህርተይ ቀጺለ። ርሕቀት መገዲ ዳርጋ ካብ እዋን ቈልዕነተይ ኣትሒዙ መካይድተይ’ዩ። ሕጂ’ውን ካብ እምበይቶ ብብሸክለታ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ብኣውቶቡስ እናተመላለስኩ’የ ትምህርተይ ዝቐጽል ነይረ። ኣብ’ቲ እዋን’ቲ ብሰንኪ ምብልሻው ብሽክለታ ወይ’ውን ምስኣን ኣውቶቡስ ዝሸገረሉ እዋን ነይሩ’ዩ። ይኹን’ምበር ድሌት እንተሎ ዘይስገር ስለ ዘየለ ንኹሉ ዕንቅፋት ሰጊረ ኣብ’ዚ ደረጃ ክበጽሕ ክኢለ።

*** ዓውደ ምሕደራ ትምህርቲ ዝመረጽካሉ ምኽንያት እንታይ’ዩ?**

- ዝንባሌ’ዩ ክብል እኽእል! ኣብ’ቲ እዋን’ቲ እቲ ኣማራጺ ሶሻል ሳይንስ ወይ ድማ ናቹራል ሳይንስ’ዩ ነይሩ። ስለ’ዚ ካብ’ቲ ብዙሕ ምርጫ ዝንባሌይ ናይ ምምሕዳር ወይ ምእላይ ስለ ዝኾነ ነዚ ዓውዲ ክመርጽ ክኢለ።

*** ብዛዕባ’ዚ ዓውዲ ቁሩብ መብርሂ እንተትህበና?**

- እቲ ቀንዲ ሕመረት ምዕባሌ ናይ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ዓይነት ምምሃርን ምስትምሃርን’ዩ። እዚ ማለት ድማ ቀጥታ ምስ ብቕዓት መምህር ዝተኣሳሰረ’ዩ። መምህር ብቑዕ ኪኸውንን ዓያይነቱ ኪዓቢን ግና ወዳቢ፡ ኣተባባዒ፡ ኣእማኒ ብተወፋይነት ክሰርሕ ዘኽእል ኣላዪ መምህር የድልዮ። ስለ’ዚ እዚ ዓውዲ’ዚ (Educational Administration) ኣብ ምዕባሌ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ይኹን ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ሓንቲ ሃገር’ውን ዓቢ ተራ ኣለዎ። ስለ’ዚ ውጽኢት ወይ ድኽመትን ዓወትን ናይ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ብብቕዓት ኣላዪ መምህር’ዩ ዝውሰን።

*** ኣብ ማእከል ፈተና (Bearu Of Standard And Evaluation) ከም ምንታይ ኮይንካ ኢኻ ትነጥፍ ነይርካ?**

- ኣብ’ዚ ዝጠቐስካዮ ቦታ ኣብ ዓውደ ምሕደራን (Secretarial Science) ን ካልኦት ዝኣመለሰሉ ሓጸርቲ ኮርሳት ኣወሃሃዲ ኮይነ እነጥፍ ነይረ። ብዘይካ’ዚ ንሃገራዊ ካልኣይ ደረጃ መልቀቒ ፈተና ኣብ ዘድሊ ንጥፈታት እዋሳእን ፡ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ’ውን ናብ ሳዋ ብምንቅስቓስ ከም ሱፐር-ቫይዘር ኮይነ ሰሪሐ።

*** ኣብ ኮሌጅ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራኸ ኣበርክቶኻ እንታይ ነይሩ?**

- ኣብ’ቲ መጀመርታ ካብ 2010 ክሳብ 2015 ኣብ’ቲ ኮሌጅ፡ ከም መምህርን ኣማኻሪ ተማሃሮን ኮይነ ሰሪሐ።

*** ብድሕሪኡ’ኸ?**

- ብድሕሪኡ መንግስቲ ብዝሃበና ዕድል ትምህርቲ ኣብ መጀመርታ 2015 ናብ ቻይና ብምኻድ ዓውደ ትምህርቲ መሪሕነትን ፖሊሲን (Leadership And Policy) ብምክትታል ብማስተርስ ዲግሪ ዛዚመ ኣብ መወዳእታ 2017 ከኣ ናብ ሃገረይ ተመሊሰ።

*** እቲ ትምህርቲ ከመይ ነይሩ?**

- ኣብ ቻይና ምስ ከድኩ፡ ኣብ’ቲ መጀመርታ ነቲ ሓድሽ ከባቢን ቋንቋን ክላለዮ ኣጸጊሙኒ ነይሩ። ብተወሰኺ ድማ ናፍቖት ናይ ደቀይን ብዓልቲ ቤተይን ስለ ዝተወሰኸ፡ እቲ ትምህርቲ ክብድ ክብለኒ ባህርያዊ’ዩ። ብኣጋጣሚ ግና ኣብ’ታ ዝመሃረላ ዝነበርኩ በይጂንግ ኖርማል ዩኒቨርሲቲ ኤርትራውያን ስለ ዝጸንሑኒ፡ ምስቲ ከባቢ ብቐሊሉ ክላለ ዕድል ረኺበ። ድሕሪኡ ግና ኣብ ትምህርተይ ዕዉት ክኸውን ክኢለ። ክሳብ ብልጫ ዝረኸብኩሉ እዋን’ውን’ዩ ነይሩ።

*** እቶም ተማሃሮ ካብ ኣየኖት ሃገራት ዝመጻእኩም ኢኹም ነይርኩም?**

- ካብ ሃገራት ኣፍሪቃ ከም ማላዊ፡ ታንዛንያ፡ ዚምባብዌ፡ ጋና፡ ኬንያ፡ ሩዋንዳ፡ ሞዛምቢክ፡ ዛምቢያን ካልኦትን ብርክት ዝበሉ ክኾኑ እንከለዉ፡ ካብ ኣሜሪካ ኤሽያን ኤውሮፓን ድማ ውሑዳት ነይሮም ።

***ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ኣብ ኣስመራ ተቐይራ ዘላ ሓዳስ ኮሌጅ ማለት “ኣስመራ ኮሌጅ ኦፍ ኢዱኬይሸን” (Asmara college Of Education) ኢኻ ትሰርሕ ዘሎኻ. . .**

- እወ! ኣብ’ዚ ኮሌጅ’ዚ ካብ 2017 ጀሚረ ከም ሌክቸረር II ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ። እቲ ስራሕ ድማ ምስዚ ኮሌጅ ሓድሽ ብምዃኑ ጻዕቂ ኣለዎ።

*** ኩነታት ሓዳር ናብራኸ. .**

- ኣብ 2012’የ ተመርዕየ። ድሮ ኣቦ ሰለስተ ቈልዑን ብዓል ሓዳርን’የ።

*** ካብ መጻኢ መደባትካ?**

- መጻኢ መደባተይ እንተኾይኑ ንዶክትረይት ምቕጻል’ዩ። ኣብ ዝሓጸረ እዋን ድማ ዕድል ክረክብ እምነ።

*** ኣብ መወዳእታ. . .**

- ናብ’ዚ ደረጃ’ዚ ንኽበጽሕ ዘብቅዑኒ ክቡራት ወለደይ ኣቦይ ተጋዳላይ ዘሙይ ዘገርግሽ፡ ክብርቲ ወላዲተይ ውነሽ ስምኦን፡ ንኹላቶም ቤተሰበይ ብሓፈሻ፡ ከምኡ’ውን ብናጻ ንዘምሃረና መንግስቲን ህዝቢን ብልቢ እናመስገንኩ፡ ብዝቐሰምኩዎ ሞያ ብተወፋይነት ንህዝበይን ሃገረይን ከገልግል በዚ ኣጋጣሚ’ዚ መብጽዓ እኣቱ!!

***

ትንታነ ዜና

ዘይምቅዳው ቻይናን ታይዋንን ክሳብ መዓስ?

ኣንገሶም ዮሴፍ

ቻይና፡ ንዊሕ እዋን ካታ ክፋላ ከምዝኾነት እትገልጸ ታይዋን ናብኣ ንኽ እትደልዮ ሓድነት ክትመልሳ ትደሊ ኣላ። እዚ ልዕሊ 40 ዓመታት ዝኸደ ዝርርብ ጌና መደምደምታ ክረኽብ ኣይከኣለን ዘሎ። መንግስቲ ቻይና ምስታ ደሴታዊት ርእሰምምሕዳር ዘለዋ ዝምድና፡ "ሓደ መንግስቲ - ክልተ ስርዓት" (One country two systems) ብዝብል ኣገባብ ክምራሕ ከምዝጽንሐ ይፍለጥ። ፕረዚደንት ቻይና ሺ. ጂንፒንግ ሃገሩ ንህዝቢ ታይዋን ከምዝይተገደደ፡ ብሰላማዊ መስርሕ ኣብ ሓድነት ንምምጻእ ድማ ክትጽዕር ምዃና'ዩ ዝገልጽ። ቻይና ካቢ ንዊሕ እዋን ትሓልሞ ዝጸንሐት ሓድነት ታይዋን ሕጂ ከተተግብሮ ተብርሆታት ትወስድ ኣላ። ይኹን ደኣ'ምበር እዚ ሰላማዊ መስርሕ ሓድነት ምስ ዘይሰርሕ፡ ቻይና ኣኽዊ መፍትሒ ክተናዲ ከምትኽእል'ውን ይሕበር። ታይዋን ናታ ርእሰ ምምሕዳር ዘለዋ ግን ኣህጉራዊ ኣፍልጦ ዘይረኸበት ዞባ እያ። ካብ ቻይና ተፈንጪላ ናጽነታ ክትእውጅ ጥሙሕ ከምዘለዋ ድማ ምንጮታት ዜና የረድኡ። እዛ ደሴታዊት ዞባ ካብ ናይ ቻይና ሕጊ ተጸሊላ ክትነብር'ውን ደሊታ'ዩ። ቻይና ብወገና ካቲ ናይ ሓድነት መስርሕ ንምቅልጣፍ ናይ ነዊሕ እዋን ጽኑዕ ፖሊሲ ኣለዋ። ቻይና ናይ ሓድነት ጠለባት ከተቕርብ እንከላ፡ እዚ ምስ ዘይሰምር ግና ቻይና ወተሃደራዊ ሓይሊ ክትጥቀም ክትግደድ ከምእትኽእል ማዕከናት ዜና ዘቃልሕኦ ዘለዋ'ዩ።

ደሴት ታይዋን ካብ 1950 ጀሚሩ ኣብ ኩሉ ዘቤታዊ ጉዳያታ ብርእሳ ክትምራሕ ጸኒሓ ኣላ። በዚ ከይከኣለ ኣይተርፍን፡ እታ ብርእሰምምሕዳር ክትመሓደር ዝጸንሐት ደሴት ከም ሃገር ክትቀውም ጠለባት ተቕርብ ዘላ። እታ ደሴት ድሕሪ ኩናት-ሓድሕድ ቻይና፡ ርእሰ ምምሕዳር ከምዝኣወጀት ዝዘከር'ዩ። ካብ ሽዑ ጀሚሩ ኩሉ ንታይዋን ንምምላስ ጻቕጢ ክገብር ጸኒሑን ኣሎ። ቻይና ድሙ ንታይዋን ምስ ካልኦት ሃገራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ንኸይትምስርት ክትዓግታ ጸኒሓ'ያ። የግዳስ እዚ ከምዚ ኣሉ እንከሎ፡ ታይዋን ሓንቲ ካብተን ብኸቢዲ ዝፍለጣ ዓበይቲ ሃገራት ክትከውን ኣይተጸገመትን። ብቑጠባ ዝመዝገበቶ ተኣምር ከኣ ሓንቲ ካብተን ፍሉጣት ኣፍረይቲ ኮምፒዩተር ቴክኖሎጂ ምዃና ይእመት።

ጻይ ኢንግ-ወን ቀዳመይቲ ጓል ኣንስተይቲ ፕረዚደንት ታይዋን ኮይና ኣብ 2016 ካብ እትምረጽ ንደሓር፡ ካታ ሃገር ካልእ ፖለቲካዊ ዓወት ክትጎናጸፍ ኣኽኢሉዋ'ዩ። እቲ ንኣ እትመርሖ ሰልፊ ንናጽነት ዝደግፍ ብምዃኑ ግና፡ ምስ ቻይና ብዙሕ ዘይምስምማዕ ክፍጠር ግዜ ኣይወሰደን። ኣብቲ ናይ ምረጻኢ ትግበሮ ዝበረት ኣካያዱ፡ ታይዋን ናጽነታ ክትወስድን ምስ ቻይና ከኣ ጥቡቕ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክትምስርትን ዝብል'ዩ ነይሩ። ስለዝኾነ ዝወሰደቶ ሕርያ ንናይ ቻይና ፖሊሲ ተጻራሪ ብምንባሩ፡ ካታ ፕረዚደንት ካብ ቻይና ሓያል ተቓውሞ ከጋጥማ ጸኒሑ'ዩ።

ፕረዚደንት ታይዋን ጻይ ኢንግ-ወን ምስ ቻይና ሓድነት ክህልዋ ፈጺማ ከምዘይትቕበሎ'ያ ትገልጽ። ህዝቢ ታይዋን'ውን ኣቲ 'ሓደ መንግስቲ፡ ክልተ ስርዓት' ዝብል ብቻይና ዝቐርብ ኣተሓሳስባ ኣገዳሲ ከምዘይቕበሎዎ ይሕበር። ካብ ህዝቢ ብዝተኣከበ ርእይቶታት ድሙ ምስ ቻይና ሓድነት ዝብል ፖለስ ቻይና ብትሪ ከምዝጸግዎ ጸብጻባት የረድኡ። ኣብ ከምዚ ኩነት እታ ደሴት ምስ ቻይና ናብ ሓድነት ምስ እትኣቱ፡ ንጉዳያታ ባዕላ ከተመሓድር ዝፍቀደላ እኳ እንተኾነ፡ ካብ ቻይና ክመጽእ ዝኽእል ጸቕጢ ግን ኩሉ ግዜ ስግኣት ክኾና'ዩ። ፕረዚደንት ቻይና ሺ. ጂንፒንግ፡ ምስታ ደሴት ዘሎ ዝምድና ኣብ ሓደ ሓረግ ወሲዱ ዝጸንበረ ምዃኑ'ዩ ዘረድእ። ስለዚ ናይ ታይዋን ናጽነት ካብ ታሪኽ ወጻኢን ናብ ዕንወት ዝምርሕን ምዃኑ ወሲኹ ይገልጽ። ካታ ርእሰምምሕዳር ናጽነት ምዉብ ከኣ መከራ ጥራይ ከስዕቦ ከምዝኽእል ፖለቲከኛታት ቻይና ይዛረቡ። ቻይና፡ ኣቲ ሰሚት ናጽነት ዜጋታት ታይዋን ዘለዓዕል ሕቶ ፈጺማ ከምዘይትቕበሎ'ውን እየም ፖለቲከኛታት ወሲኾም ይገልጹ። ቻይና ናይ ግዳም ምትእትታው ፈጺማ ከምዘይትጻወሮ'ዩ ዝሕበር። ፕረዚደንት ታይዋን ጻይ ኢንግ-ወን ድሙ ቻይና ኣቲ ዘሎ ፍልልያት ብሰላማዊ መንገዲ ክትፈትሖን ንደሞክራሲያዊ ክብርታት ከተኽብርን'ያ ትጽውዕ። ስለዝኾኑ፡ ቻይና ንመሳል ናይቶም 24 ሚልዮን ዝኾኑ ህርታ ከተኽብር ከምዘለዋ እታ ፕረዚደንት ደጊማ ተጸር።

ዴሳዊ ሰልፊ (ኮሚኒስት ፓርቲ) ቻይና ብዛዕባ ሓድነት ታይዋን ንዊሕ እዋን ክዛረቡ ጸኒሖም ኣለዉ። ናይቲ ሰልፊ ጸላዊ መራሒ ምዃኑ ዝነገረሉ ሺ. ጂንፒንግ ካብ ንቻይና ክሳብ ብህይወት ዘሎ ክመርሓ ተመሪጹ ኣሎ። ስለዚ ንዳግመ-ምህዳስ እታ ሃገር ብቐዳምነት ሐዙ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉዳይ እዩ። ብቐንዱ ድማ ቻይና ብወተሃደራዊ ጸብለልታ፡ ኣብ መሳርዕ ኀይልል ሃገራት ስለ እትርከብ፡ ዝ. ሰላማዊ መስርሕ ሓድነት ብሓይሊ ጨፍሊቃ ክትገብሮ ትኽእል'ያ ዝብሉ ተንተንቲ ፖለቲካ ብቐጻሪ ውሑዳት ኣይኮኑን። ቅድም ግና ኣቲ ዞባ ንምስዓዕ ብናይ ንግድን ካልእ ዝምድናታትን፡ ካብ ቀጥታዊ ጽልዋ ቻይና ከምዝይትወጽእ ምግባራ ክህሉ ይኽእል። ናብ ዝኾነ ቅዲ ኩናት ቅድሚ ምእታዋ ክትገብርም እትኽእል ጉዳያት እውን ኣለው። ኣብቲ ርእሰምምሕዳር ዝተፈደ ምርጫታት ጣልቃ ብምእታው፡ ኣየም ናጽነት ዝደግፉ ሰልፍታትን ፖለቲከኛታትን ንምብትታን ዝዓግታ ከምዝኸለ ይሕበር። ብኻልእ ሸነኽ'ውን ቻይና ብወተሃደራዊ ዘይኮነ ኣቲ ዞባ ብቑጠባዊ ጽልዋ ክትቆጻጸሮ ከምትእትኽእል ይገልጹ። ምኽንያቱ ደርማስ ቁጠባዊ ገስጋስ ቻይና ኣብቲ ዞባ ክህልዎ ዝኽእል ተራ ብቐሊሉ ዝግለጽ ኣይኮነን።

ስለምንታይ ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ወገናት ዘይምርድዳእ ተፈጢሩ ዝብል ሕቶ ክለዓል ንቡር እዩ። ታይዋን ካብ 1949 ንደሓር ናታ ርእሰምምሕዳር ኣዊጃ ክትመሓደር ጸኒሓ ዘላ'ያ። እዚ ናይ ርእሰ ምምሕዳር ስምዒታት ከኣ ናይ ናጽነት ባህግታት ከም እተሕድር ገይሩ። ኣብዘን ዝሓለፋ ቀረባ ዓመታት ግን ቻይና ካብታ ርእሰምምሕዳር ክመጽእ ንጸንሐ ናይ ናጽነት ድሌታት ኣይተቐበለቶን። ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ ንሃገራዊ ልዑላውነታ ዝጥሕስ ምዃኑ'ያ ምላሽ ክትህበሉ ጸኒሓ። ስለዝኾነ ከኣ ዝኾነት ሃገር ምስታ ርእሰምምሕዳር ወይ ምስ ቻይና ጥራይ ዝምድና ክትገብር ኣለዋ ዝብል መትከል ነይሩዋ። ምስ ክልቲኦም ወገናት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክፈጥራ ንዝደልያ ግን ቻይና ትዕንቅጾን ነይራ። ምኽንያቱ ቻይና ምስ ታይዋን ዘለዋ ዝምድና፡ ከም 'ሓንቲ መንግስትን ክልተ ስርዓትን' ኢሉ'ያ እትሓስቦ። ታይዋን ምስ ኣመሪካ ዘለዋ ዝምድና ካብቲ ቻይና ደቂሳትሉ ዘይትሓድር ጉዳይ ምዃኑ'ዩ ዝጥቀስ። ስለዝኾኑ ኣመሪካ ነታ ናታ ርእሱ ምምሕዳር ዘለዋ ታይዋን ክትተሓኸላ ጸኒሓን ኣላ። ዝሓለፈ ዓመት፡ ናይ ግዳም ዓበይቲ ትካላት መንገዲ ኣየርን ሆቴላትን ንታይዋን ኣብ ዝርዝር ክፋል ቻይና ከእትዋኣ ዝጸውዕ ሓያል ጸቕጢ ብቻይና ክግበረለን ምጽንሑ'ውን ይፍለጥ።

ቻይና ንታይዋን ብፍጹም ክትለቃ ኣይትደልን'ያ። ብዙሓት ዜጋታት ታይዋን ድማ ካብ ቻይና ናጻ ዝኾነት ሃገር ክምስርቱ'ዮም ዝደልዩ። ብሰንኪ'ዚ ኣብ መንጎአን ዘሎ ዘይምቅዳው ከኣ ናብ ቀጻሊ ባእሲ ከምርሐን ጸኒሑን ኣሎ። ኣብ መንጎአን ዘሎ ዘይምትእምማን፡ ምትእትታው ናይ ግዳም ሓይልታት ከምዘለዎ'ዩ ዘመልክት። ምትእትታው ኣመሪካ ኣብ ጎደኒ ታይዋን ንቻይና ሓያል ቁጥዐ ፈጢሩላ እዩ። ዝምድና ኣመሪካን ታይዋንን ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝማዕበለ እዩ። እታ እኽኮ ካታ ርእሱ-ምምሕዳር እትተሓኸለላ ሃገር እንተላ'ውን ኣመሪካ'ያ። ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ጂሚ ካርተር ምስ ቻይና ሓድሽ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ብምህናጹ ካታ ርእሱ-ምምሕዳር ሓደጋ ጥፍኣት ኣንጸላልዩዋ ነይሩ'ዩ። ኣይጸነሐን ድማ ባይቶ ኣመሪካ ንታይዋን ኣጻዋር ከምጠወላ፡ ካብ ቻይና ክመጽእ ንዝኽእል ስግኣት ክዘረያላን ተመሓጺዖሉ። በዚ ከኣ እቲ ሓሸኪሩ ዝጸንሐ ዝምድናኦን ዳግም ክበራበር ክኢሉ። ኣመሪካ፡ ቅልጡፍ ዞባዊ ጽልዋ ቻይና ስለ ዘሰገኦ፡ ንዕኡ ሚዛን ንምትሓዝ ምስ ታይዋን ክትውግን ከምዝተገደደት'ዩ ዝግለጽ። ካታ ደሴት ካኣ ብዙሕ ሓገዝ ብምብርካት ብቑጠባን ካልእ ጉዳያትን ኑቡስ ክትክእል ዝዓበየ ግደ ተጻዊታትሉ።

ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ወገናት ፖለቲካዊ ዘይምስምማዕ'ኳ እንተሃለወ ዝምድና ክልቲኦም ህዝብታትን ቁጠባዊ ምትሕግጋዝን ግን ዘኮትዕ ኣርእስቲ ኣይኮነን። ትካላት ታይዋን ኣብታ ሃገር ዝበርኦ ወፍሪ ልዕሊ 60 በልዮን ይግመት። ታይዋናውያን ዝኾኑ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ዝኾኑ ሰብ-ትካልን ሰራሕተኛታትን ከኣ ኣብ ቻይና ይነብሩ ኣለው። ስለዚ፡ ቁጠብ ታይዋን ኣብ ቻይና ጽግዕተኛ እናኾነ ይመጽእ ከምዘሎ ዘጠንቀቑ ፖለቲከኛታት፡ ብቑጽሪ ውሑዳት ኣይኮኑን። ብዘይካ'ዚ ቻይና ወተሃደራዊ ስጉምቲ ንኸይትወስድ ዝዓግታ ዘሎ፡ ምስታ ደሴት ምስ እትበኣስ ክስዕብ ዝኽእል ክሳራታት ብቐሊሉ ዝግመት ብዘይምዃኑ ከምዝኾነ ይሕበር። እንተኾነ፡ እዚ ተኣፋፊ ዝኾነ ንግዳዊ ዝምድና ብዙሕ ዘይምቅዳው ክፈጥር ጸኒሑ እዩ። ከም ኣብነት ኣብ 2014 ፖለቲካዊ ለውጢ ንምምጻእ ብተማሃሮ እተገብረ ሓያል ተቓውሞ ኣንጻር ባይቶ ደሴት ታይዋን ዝርሳዕ ኣይኮነን። ጠንቂ ናይዚ ድማ ቻይና ጽልዋ ተዕቢ ከምዝኾነ ንምቅዋም ከምዝተበገሰ ይፍለጥ።

ኣብ ታይዋን ክልተ ዓበይቲ ሰልፍታት ከምዘለዋ ዝፍለጥ እዩ። ኳሚንታንግ እተባህለ ሰልፊ ንሓድነት ምስ ቻይና ዝደግፍ ክኸውን እንከሎ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲያዊ ገስጋስ ከኣ ናጽነት ክእውጅ ጥሙሕ ኣለዎ። በዚ ድማ ኣብ መንጎኦም ሓያል ፖለቲካዊ ፍልልይ ክፍጠር ግዜ ኣይወሰደን። ዝሓለፈ እዋን ካብ ህዝቢ ብዝተኣከበ ርእይቶታት፡ ካብኦም ብዙሓት ናጽነት ከምዝደግፉ የረድእ። ብዙሓት ካብ ዜጋታት'ታ ርእሱ-ምምሕዳር ድሙ ቻይናውያን ከምዝይኮኑ ይሕብሩ። ድሕሪቲ ኣብ 2016 ዝተገብረ መረጻ ከኣ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲያዊ ገስጋስ ሓያል ደገፍ ክረኽብ ክኢሉ። ምኽንያቱ ኳሚንታንግ ኣብ ቁጠባዊ ጉዳያት ብዙሕ ሽግር ክገጥሞ ስለ ዝጀመረ። ቅድሚ'ዚ ሕጂ ዘሎ መንግስቲ ዝበረ ምምሕዳር ኩሉ ካታ ደሴት ናብ ጸግዒ ቻይና ከምትወድቕን መንበሮ ዜጋታት ከምዝንቆልቆልን ከምዝገበሮ ይሕበር። በዚ ከኣ ናጽነት ዝደግፉ ታይዋናውያን ቁጽሮም እናዛየደ ክመጽእ ጸኒሑን ኣሎ።

ቻይና ነዚ ናይ "ሓደ መንግስቲ - ክልተ ስርዓት" ዝብል ፖሊሲ ምስታ ደሴት ንዘለዋ ሃንፍ ንምጽባብ ዝገበረቶ ከምዝኾነ ተንተንቲ ፖለቲካ የረድኡ። ነዚ ፖሊሲ፡ ድሕሪ'ውን ኣብ ሆንግኮንግ ኣተግቢራቶ እያ። እዚ ናይ ሆንግኮንግ ሰቕታ ንታይዋን ከምዘጸለዋ ዝዘረቡ ከኣ ኣለው። ሆንግኮንግ ኣብ 1997 ካብ ብሪጣንያ ተለቒቓ ኣብ ትሕቲ ቻይና ብቐሊሉ ተጠርኒፋ'ያ። ኣብ ጥሪ 2018 ንናጽነት ታይዋን ዝደግፉ ፖለቲከኛታት ኣብ ጎደናታት ወጺኦም ተቓውሞኦም ከስምዑ ምጅማሮም ኣይርሳዕን። እዚ ከኣ ንሓያል ድሌት ታያውናውያን ዝገልጽ ናይ ናጽነት ስምዒት ምንባሩ'ዩ ዝሕበር። ኣብ መወዳእታ፡ ሓድነት ቻይናን ታይዋንን ክረጋገጽ ደዩ ወይስ ናጽነት ታይዋን ክሰዕር'ዩ ምስ ግዜ ዝምለስ ሕቶ'ዩ።



ፍኖት

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ኪዳን' ቶም መጻምድቲ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

"ብሓባር ካብ እንነብር ድሮ 50 ዓመታት ተቖጺሩ ኣሎ፣ ንሓድሕድና ድማ ጽቡቕ ገይርና ኢና ተፋሊጥና። ስለ'ዚ እቲ ሓቂ ንገረኒ?" ሓተተት ሶንግ ሊንሊን።

ዶክተር ሹዌ ገዋንገዌ፡ እታ ዝፈርሓ ሕቶ እያ መጺኣቶ። ግን ብኡጋ ኣይመለሰላን። ኣዒንቱ ካብቶም ንበዓት ቋጺሮም መልሲ ዝጽበዩ ዝነበሩ ኣዒንቲ በዓልቲ ቤቱ እናኣህደመ ከጽቅጥ'ዩ መረጸ።

"ንገረኒ ስለምንታይ ትሓብኣለይ? ሹዌ...ኣይ ንግሳ እንድ'የ?"

ገጹ ኣብ ምንጻፍ ሓቢኡ ንበዓቱ ደራረዘ።

ዶክተር ሹዌ ገዋንገዌ ንምፍርሑ ምኽንያት ነይሩዎ። ከም ናቱ ግምት በዓልቲ ቤቱ ብህይወት እትጸንሓሉ ዓመታት ካብ ክልተ ዓመት ዝሓልፋ ኣይኮናን። ስለ'ዚ ዝን ተረፈናኣ ኣለዋ ዝበለን ዓመታት ብዘኩሉ መጠን ከጨንቓን ጸቒጢ ክፈጥረላን ካብ ዘኽእል ነገራት እናኣለየ ብሕጉስ መንፈስ እናተኸናኸነ ካብ ጥቓኣ ከይተፈልየ ክንከባኸብ እዩ መሪጹ። ካብ'ቲ ዝበደሆ ሕቶኣ ንምህዳም ግን ገለ ክብል ነይሩዎ። ኑቲ ኣብ ኣእምሮኡ ቅጅል ዝበሎ ሓሳብ ከኣ ብመልክዕ ሕቶ ኣቕረቦላ።

"ንሹ ፈንግ ወድና ካብ ኣመሪካ ክመጽእ መልእኽቲ እንተለኣኽናሉ እንታይ ይመስለኪ?"

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝነብር ሹ ፈንግ ወዶም፡ ካብ ዩኒቨርሲቲ ቤጂንግ ናይ ቀዳማይ ዲግሪ ትምህርቱ ድሕሪ ምዛዙም፡ ብ1987 ንዝላዓለ ትምህርቲ ናብ ኣመሪካ ካብ ዝኸይድ ገለ ዓመታት ገይሩ ነበረ።

ሶንግ ሊንሊን ሓጺር'ዩ ዝነበረ ዘረባኣ - "እዚ'ሞ ዘይከውን'ዩ።" ንሓሳብ በዓል-ቤታ ከምዘይተቐበለቶ ገለጸት። ንሳ ዝ. ገጢሙዋ ዘሎ ጸገኩር ናይ ጥዕና ኩነታት ብዘሰፉ ተጻዊራ፣ እቲ እንኮ ወዳ ትምህርቱ ብዓወት ዛዚሙ ናብ ዓዱ ክምለስ እዩ ትጽበ.ታ። እቲ ብዙሕ መጺኢ ኩነታት በዓልቲ ቤቱ ኣሉታዊ ሰምዒት ኩሓድሮ ዝጀመረ በዓል-ቤታ ዶክተር ሹዌ ገዋንገዌ ግን ኑተን ዝገመተን ክልተ ተወሰኽቲ ዓመታት ክትጸንሓሉ'ሞ፡ ምስ ወዳ ብሰላም ክትሰናበት እዩ ሓሲቡ። ብመልሲ ሶንግ ሊንሊን ከኸ ንትብዓታን ተጻዋርነታን ምድናቕ፡ ካልእ ዘረባ ከይወሰኸ ኑቲ ዝሓደሮ ጸቕጢ እንተኣፋኸሰሉ ዕላል ክቕይር ተገደደ። ንሳ እውን ኑቲ ኣቐዲማ ንዶክተር ሹዌ ዘቐረበትሉ ሕቶ ካብ ኣፉ ንጹር መልሲ ክትረክብ ብምባል እምበር፡ ድሮ ካብ ሞያዊ ተመኩሮኣ ተበጊሳ እቲ ዘሎቓያ ዘሎ ሕማም እንታይ ምኳኑን ብቐሊል ከምዘይምሕራን እንዶ ዘይነብራ ኣይኮነትን። እቲ ሓያልን ብኡጋ ዘይርዕድን ሕልናኣ ግን ክንጸ'ቲ ከም ቅቡል ዝወሰደቶ ከቢድ ሕማም ዝኸይድ ነበረ።

ኣብ መላእ ህይወታ ንዘኸነ ዝገጠማ ብደሆ ብኡጋ ኢዳ ዘይትህብ ተባዕ ሰበይቲ ምኳና፡ ልዕሊ'ኡ ማሰኸሪ ከምዝዀለ ንኡብሰ ብምእማን፡ ንህይወታ ብእወታዊ ኣተሓሳስባን ብሩህ ተስፋን ክትመርሓ ወሲኑት። ዝ. ዝተቐንተቶ ፍልስፍና ህይወት፡ ንኻልኦት ብዝማቦር ከተእምኖም ከኣ ምስ ሕልናኣ ተመባጸዐት። ኑታ ድሕሪ ሙብጣሕቲ ካብ ዕውሉት ተብራብራ ቿሕ ዝበለትላ ህሞት እናዘከረት።

ኣብ'ታ ዕለት እቲኣ፡ ኑተን ደሃይ ክፈልጣ ናብ ሆስፒታል ዝመጽኣ መሳርሕታ፡ ከም ዋዛ ኣምሲላ ኑቲ ዝዓጠቐቶ ፍልስፍና እያ ደርጉሓትለን። በሎተን ከኣ - "ኣብ መስከረም ሓወየ ናብ ስሩዕ ስርሓይ ምስ ተመለስኩ፡ ኣብ'ቲ ልሙድ ዕዮ ብሓባር ኮይንና ናብ መደቀሲ ክፍልታት ተሓኪሞቲ ክንዘውር ኢና።"

ንሳተን ግን ንዘረባኣ ክንጸ ምስማዕ ከም ቁውም-ነገር ኣይወሰዳኦን። እንተ ንሳ ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ንኹሉ'ቲ ክበጽሓ ይኹን ክኣልያ ዝመጽእ ሰብ ትስፍውቲ ምኳና ከተእምኖ እያ እትጽዕር።

ዝበዝሑ ብካንሰር ዝተጠቕዑ ሕሙማት፡ ኑታ ፈለማ ሙብጣሕቲ ዝገበሩላ ዕለት ከም ዳግመ-ልደቶም ቆጺሮም ክዝክሩዋ ሶንግ ሊንሊን ተዓዚባ እያ። ንሳ እውን ንዕለት '4 ግንቦት' ከም ዳግማይ ዝተወልደትላ ዕለት ክትዝክራ ሓሲባትሉ'ሞ፡ ንበዓል-ቤታ ኣውክኣትሉ።

"እዛ ዕለት ዓመት-ዓመት እንተዘከርናያ ከመይ ትርእዮ?" ብምባል ከኣ፡ ናይ ልባ ኣካፈለቶ። ዶክተር ሹዌ ግን ሃንደራእ ኢሉ ንሓሳብ ርእይቶ ኣይሃበን። እኳ ደኣ ገጹ ጠወዩ ኣጽቀጠ።

"ግደፍ ገጽካ ኣይትጥወየለይ! እመኒ ኣነ ዝ. ሕማም'ዚ ድሮ ሰጊረዮ እየ '4 ግንቦት' ከኣ ንኣይ ብሓቂ ብልጽቲ ዕለት እያ። እንክዝክራ ኣብ ውሽጠይ ንእሰትን ጸጋትን እዩ ዝወረኒ። ስለዚ..." ወሰኸት ሶንግ ሊንሊን ብምልእ ትስፍውትት። ናይ 1989 ዕለት- '4 ግንቦት' ከኣ ከም ቦኽሪ ዕለተ-ልደታ ንኽትዝክራ ንመቕርባን ንኹለን'ተን ዝኣልያኣ ነርሳትን ካልኦት መሳርሕታን ዓዲማ ጸምበለታ። ይኹን'ምበር እቶም ዕዱማት ኑታ ዕለት ከም ዕለተ ሰንበታ ግዲ ቆጺሮምዋ እቶም ዝበዝሑ ኣብቲ ዕለተ-ዝኽሪ ኣይተረኽቡን።

ኣብ 4 ግንቦት 1990 እውን እንደገና ተመሳሰሊ ዕድመ ለኣኸት። ሽዑ'ውን እቲ ግብረ-መልሲ ተመሳሳሊ ነበረ። እተን ዝርከባን ኣብ'ቲ ዕለት ዝተረኽባ ውሑዳት መሳርሕታ ግን "በሊ ኣብ መበል ሳልሳይ ዓመትኪ ብሰላም የራኽብና፣ ሽዓኡ ኣነ ዝበለ ድግስ ገይርና ክንጽምብሎ ኢና፣" ዝበላ ምንጾት ገለጻላ።

ሶንግ ሊንሊን ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት ኑቲ ንሳ ከም 'ንኣሸቱ ብድሆታት' ኢላ እትጽውዖ ጸገማት ጥዕና ይድረባ ነይሩ እዩ። ንኣብኦት ብሰንኪ ሕጽረት ካልሰዩም ናይ ኣዕጽምቲ ነድሪ ስለ ዝማዕበለ፡ ሓደ እዋን ምስ ወደቐት ኣብ የማናይ መሓውራን ቅልጽም የማናይ ኢዳን መስበርቲ ኣጋጢሙዋ ነይሩ። እንተ ንሳ ንዝገራት ከም ቀሊል ጌርካ ናይ ምቕባል ባህሪ ስለ ዘማዕበለት፡ ብዙሕ ተማሪረሉ ኣይነበረትን። እቶም ንውሽጣዊ ሓይላን ጽንዓታን ዘየንበቡ ግን እቲ ዘጋጥማ 'ንኣሸቱ' ብድሆታት ከም ንሞት ዘቐላጥፍ ተደረበ. ጸር

እናወሰዱ ኑቲ ዓመት መጽአ እትዝክሮ ዕለት- '4 ግንቦት' እውን ብኣንጻር ኣተሓሳስባ ሶንግ ሊንሊን ከም ዕለተ-ሰንበታ ንምፍናዋ ከምዝተዀብረ ኣጋጣሚ እየም ክወስዱዎ ዝረኣዩ ዝነበሩ። ድሮ'ውን እቲ ብዙሕ ብድሆታት እናሰገረት ዘሕለፈቶ ዓመታት ንሞራላን ሓቦኣን ዝያዳ እናኸለዐ ሳልሳይ ዓመት ኣቑጸረ።

ኣብ ናይ 1991 ዓመት-ልደት ሶንግ፡ ልዕሊ 20 ዝኾኑ ፈተውታን መቕርባን ተረኽቡ። ዕዱማት ብትብዓትን ተጻዋርነትን ሶንግ ሊንሊን ኣመና እናተሓበኑን እናኣተባብዑን ኑታ ዕለት ብምዝካሮም ተስፋን ሞራልን ሶንግ ሰማይ ዓረገ። ስና ነኺሳ ትብዓታን ተስፋኣን ከተእምኖም ምኽኣላ ድማ ዝያዳ ኣሐጎሶ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ከኣ'የም ዕዱማት ንሓምሻይ ዓመት ዝኾነ ልደታ ብፍሉይ ምድሳው ክዝክሩዎ ምኳኖም ከም'ኡ'ውን መበል ዓስራይ ዓመት ካብኡ ዝያዳ ብዝማዕረገን ዝሰፍሐን ምድሳው ከም ዝጸምብሉዎ ብርእሱ-ተኣማንነት ገለጹላ።

ዶክተር ሹዌ ገዋንገዌ፡ ድሕሪ መበል ሳልሳይ ዓመት ጽምብል በዓልቲ ቤቱ ኣብ ልዕሊኣ ዝነበሮ ግምት ጌጋ ምንባሩ ብምእማን ንሱ'ውን ንበዓልቲ ቤቱ ዝያዳ ክኣልያን ተስፉ ከሰንቓን ከምዝለዎ ምስ ኑበሱ ዘተየ። ኑቲ ትንፋስ ዘይህብ ስርሑ ዳግመ-ግምት ገበረሉ።

"ንሳ ንቐዳማይ ፍርቂ ዕድመ-ህይወታ ንሰለይ ክትብል ወፈያቶ እያ። ስለ'ዚ ኣነ'ውን ደጊም ኑቲ ካልኣይ ፍርቂ ዕድመ-ህይወታ ብሰላምን ቅሳነትን ክትነብሮ ዝገደፍኩ ጉዳይ፡ ክከናኸናን ክኣልያን እዩ ዝምነኣኒ።" ኩብል ምስ ኑብሱ ተመባጸዐ።

እዛም ኣብ ዝሓለፈ ናይ ሓዳር ዕድመኦም ብሰንኪ ጽዑቕ ስራሕ ንሓድሕዶም ክራኸቡ ይኹን ከዕልሉ ዕድል ይኹን ግዜ ዘይነበሮም መጻምድቲ፡ ሶንግ ሊንሊን ዓራት ምስ ሓዘት ሚላ ኣነቡብራኦም ክቕያየርን ክልቲኦም ብሓባር ዘውዕሉሉን ዝሓድሩሉን ዕድል ክሰፍሕ ተራእየ። በዓል-ቤታ ኑቲ ንሰለስተ ዓመታት ኣብ ባህርያውን ያታውን ፍወሳ ቻይና ዝገበሮ መጽናዕቲ ምርኩስ ብምግባር፡ ምስ ኩነታት ጥዕና በዓልቲ ቤቱ ዝኸይድ ካብ ዝተፈላለየ ኣቑጽልትን ኣትክልትን ዝዳሎ መግቢታት ኣብ ምኽሻን ኣተወ። ካብ ጥቓኣ ከይረሓቐ ኑቲ ብህዱእ ሓዊ ዘብስሎ በዓል ምዑዝ ሃንታን ሽታን መግቢ እናኣዳለወ ከኣ፡ ብዝዕባ ኣብ ደገ ዝግበርን ዝዘሃልን ዝተፈላለየ ወረን ሓበሬታን እናኣዕለለ ከዘናግዓ የምሰ። ንሳ እውን ንዝሓለፈ ጥዑም እዋን ህይወቶም ብመልክዕ ጥሚን ዋዛን እናሓዋወሰት ከተስሕቖ ተምሲ ነበረት።

"ንዊሕ ዓመታት ብሓባር እንተነበርና'ኮ ብሰንኪ ግዜ ምስኣን እቲ ቀዳማይ ፍርቂ ዕድመና ከምዚ ኢልና ኣዕሊልናሉ ኣይንፈልጥን ኢና ኔርና፡ ኣንታ ኣብ ግዜ እርጋንና ግዲ መሊሱ ሓድሽ ፍቕሪ ክሕዘና'ዩ?!" ትብሎ ሶንግ ሊንሊን። ብሓቂ ከኣ እቲ ዝነበሩዎ ህሞት ፍቕሪ ዳግማይ ዝሕደሰሉ ሓድሽ ወቕቲ እዩ ዝነበረ።

"ኣቦይን ኣደይን ብሓባር ኮፍ ኢሎም ርእየዮም ኣይፈልጥን። ድሕሪ ሕማም ኣደይ ግን ብሓባር ይውዕሉ ኣለው። ስለ'ዚ ኣነ ክሳብ ትምህርተይ ወዲአ ዝመጽእ ንኣቦይ እኹል ግዜ ክልእክሉ እየ። ክልቲኦም ናብ ዝተፈላለየ ቦታታን ዓድታትን እናዞሩ ክሕጎሱ ኩሉ ወጻኢታት ባዕለይ ክሽፍኖሎም እየ" ዝብል መልእኽቲ ካብ ወዶም ከምዝመጽአ ንበዓልቲ-ቤቱ ምስ ኣበሰራ ዶክተር ሶንግ ኣመና እያ ተሓጒሳ።

ክልቲኦም - እቲ ኣመሪካ ዝቕመጥ ወዶም ዝለኣኾ ገንዘብ ምስቲ ክልቲኦም ዘዋህለሉዎ ደማሚሮም፡ ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት በጽሑ። ንእግሪ መገዶም ከኣ፡ ብዛዕባ ሕማም ካንሰርን ንዓኡ ንምስዓር ክግበር ብዛዕባ ዝዋሃብ ሚላ ኣነባብራን ክገስገሱን ንግዳያት ናይቲ ሕማም ከተባብዑን ከም መደብ ሓዚም ተንቀሳቐሱ።

ድሕሪ ናይ ገለ ዓመታት ጻዕሪ ድማ፡ ኣብ መወዳእታ - ንግዳያት ካንሰር ከም ጽላል ኮይኑ ዝኣልን ሽግራቶም ዝፈትሕን ማሕበር ክሳብ ምምስራት በጽሑ።

ሶንግ ሊንሊን ምስ በዓል-ቤታ ዶክተር ሹዌ ገዋንገዌ፡ ን4 ግንቦት ናይ 1998፡ ኣብቲ ወዶምን ሰይቲ ወዶምን ምስ ቦኽሪ ወዶም ዝተብጹሉ - ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እየም ጸምቢሎማ። ክልቲኦም መጻምድቲ፡ ንወዶም ምስ ስድራኡ ምስዓሞም ኣዝዮም ተሓጒሶ። ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ሶንግ ሊንሊን–

"ግርም እምበር፡ እስከ ናባይ ርኣዩ...ኣብ ውሽጢ ኩብደይ ካብ ዝርከብ 60 ሚኢታዊት መዓናጡ ተኣልዩ እዩ - የለን። እነኹ ግን - ገና ብህይወት እነብር። እወ ትስፋው ምኳን እዩ ዘንብር!" ክትብል'ያ መዲራ።

ልቢ-ወለድ

ጆሚ/ደጆን ተኽለ

ሻውዓይ ክፋል

ታቦር፡ ከም'ዛ ዘለዉዋ ወዓሎም እንተዝሓድሩ እውን ዝሰልችዎን ዝደኽሙን ይመስል ኣይነበረን። ዳህሰስካ ዘይጽገብ ሰለሰይ ኣካላታ ብህርፍርፎቱ ተሳቒዩን ተቐንዚዩን እዩ። ረኺበዮ ኢሉ ኣብ ዝሓሰበሉ እዋን ከይተረፈ፡ ከሎ'ሜተራት ከም ዝረሓቐ - ብዘይካ ብምዕዶ ጸምኡ ከርዊ ዕድል ኣይረኸበን።

"ፍቕረይ፡ ኣብ ጉድኒይ እናሃለኺ ርሒቕኪ ኣለኺ። ኣብ ወሽጥና ዝሎ ናይ ሓገስ ስምዒት እናኸለፍኪ ደስታና ኣይተጥፍኢ። ውሕጅ ፍቕሪ ጣዕሚ ኣብ ርእሲ ጣዕሚ እናወሰኸ ምልኣት ምንባርካ ዘመቅር ሓይሊ ኣለዎ። ካብዚ ስሒኻ ዘይጽገብ መቐት ፍቕሪ ከይትሰሕኒ ስለምንታይ ተሓሰምኪ ኣለኺ ክርደኣኒ ኣይከኣለን ዘሎ። ሰብ ሓዳር ኢና። ክንጸበ ኢና ደማ ኣሕሊፍናዮ እዚ ዓመታት። ስለዚ ደምጺ ልብታትና ቀብርና ሰቕ ኢልና ወሽጥና ካብ ምህላይ ንቅጠብ። ፍቕሪ ንኸም'ዚ ከማና ኣዳዕዲዑ ዝፈልጦ ቀመም ህይወት እዩ" በለ ናብ ዝደልዮ ሓሳብ ኣትያትለይ'ያ ዝብል ግምት ወሲዱ።

ሶፋንያ፡ "ልብታትና ብናፍቖት ነዲዶም እዮም ጸሊሖም። ሕጂ ግን እዚ ነገር ኣብቂዑ እዩ ፍቕረይ። እዚን ሳልሰቲ ጥራይ ተጸመመኒ'ምበር ዝቀልካ የብለይን። ባህግኻ ክምልእ ድልውቲ'የ። ፈጣሪ ንዓኻ ዝሃበ ዕድለኛ'የ። ንድሌታተይን ስምዒተይን ስለትርድኣኒ" በለት ገለ መመኽነይታ ፈጠራ ክትከይድ እንተዘይክኣላ እታ ትመጻ ዳርጋ ርግጸቲ ገይራታ ነበረት።

"መቕረት! 'ተራኺብም ከለዉ ይቃጸሩ' ዝበል ብሂል ኣሎ። ክራኸቡ ዘይደለዩ ሰባት ምስ ተራኸቡ ብቖጸራዊም ዝፈላለዩ። ስለዚ ተራኺብና ከለና ንደሰት። ምስ ተመለስኪ ደሚ ደስታና ንምልኦ። ከም'ኡ'ዩ ማሰለ እቲ ሓቂ። ሓደ ኣካል ክንሰና ናይ ክልተ ኣካል ኣተሓሳስባን ድሌትን ክህልወና የብሉን። ትዝክሪ ኢኺ! ንዓኺ ከሐዝስ'የ መደባተይ ኣፍሪሰ ኣብ ናትኪ ናይ መርዓ መደብ ኣትየ። ኣይሰሙን ኣይሳልሰቲ ደሚ ኣብ ሕጽኖት ናይ ማህደረትምህርትኺ ክትቅጸሊ ተሰማሚዐ። እዚ ኩሉ ሕድገትን ማሰዋእትን ዝገበር በጻልቤት ሕቖፌ'ታ ዘፍቅራ በጻልቲ'ቤቱ ክንፈጎ ሃኚን'ታ'የ። ንብሰይ ክንእድ ኣለ ኣይኮንኩን። ትዝክሪ ኢኺ፡ ኣነ ዝወሰንኩዎ ውሳኔ ካብ ኣባላት ሰድራ ቤተይ ይኹን ካልኦት ሰባት ተቐባልነት ኣይረኸበን ጥራይ ዘይኮነ 'ተጸለልካ ዲኻ፡ ሰበይቲኻ ካብ ጉድንኻ ምርሓቕ ዕሽነት'ዩ' ኢሎም ከም ዝጨወለዩ ረሲዕክዮ ዲኺ? ኣነ ግን! ንኹሉ ጸቒጠ ስዒረ ሓሳብ ልብኺ ንኽተሰምሪ ንሓሳብኪ ተቐቢለዮ ሓዳረይ ስለ ዘኽብርን ዘፍቅርን" በለ ብስምዒት ተደሪኹ።

'ክልተ ጉራሓት ሓሙኽሽቲ ሰንቆም' ይብል ነይሩ ኣቦሓጉይ። ቡቲኣ እንተኸደኩ ቡቲኣ እናመጸ'ምበር ምሕላፍ ከለኣ'' በለት ብውሽጣ። "ማዕረ'ቲ ተፍቅረኒ ሓልዮትካ ክፍለየኒ የብሉን። ናይ ዘልኣለምካ ምኻነይ እናፈለጥካስ ንሎሚ ጥራይ ኣይትሕሰብ። ናይ ኣዴታተይ መጺኡኒ ስለ ዘሎ'ምበር ንዓኻ ዝኸቅ የብለይን" ብምባል የህድመኒ'ዩ ዝበሎቶ ምኽኒት ፈጠረት።

* * *

ኤልሳቤጥ፡ ኣብ ከቢድ ሓሳብ ተሸሚማ ኣብ ክፍሊ መደቀሲኣ ምስ ኣተወት ኣብ ዓራት ተኸሪማ'ያ ክትንቕንቐ ጀመረት።

ወ/ሮ ቤቲኤል፡ ኣብ ግዛ እትው ምስ በለት ኣትሒዛ ኣብ መደቀሲ ክፍላ ምስ ኣተወት ስለ ዘይወጸት ሕርብት በለን። 'ዘይኣመላ ሰለምታ ከጸገበትኪ'ያ ሕልፍ ኢሉ፡ ምልስ ትብለኪ ኢለ'ምበር፡ ከምዚ ክብረት ትኸልኣኪ ኢለዶ ሓሲበ፡' በላ ኻልን ከበቢ ሰዓት ክልተ ንበት ምስ ኣተወት ዝቐራረብኣ ናውቲ ቡን ከይተሰትየ ወዓለ። ደጊመን ናብ ክፍላ ከይደን እንተኳሕኲሓን ተደሃያኣን መልሲ ግን ክረኽባ ኣይከኣላን። ኑቲ ዝሕልሕልን ጸልምትምትን ክብል ዝጀመረ ክፍሊ ሳሎን ማዕጾ ዓጸየን መብራህቲ ድሕሪ ምውላዕ፡ 'እንታይ ጊይረያ እዛ ቆልዓ ክንደዚ ተሻቒለ፡ ጸሓይ ክሳብ ትዓርብ ፋርጌሎ ሐዘ ከጸብዩ፡ እምበርዶ ብጥዕናኣ'ያ' ብምባል ብጥዕና ኻለን ተጠራጠራ። ኑታ ሐዘንኣ ፍጭም ክብላ ዘውዓላ ቡን ደሞ ሀ ኣለን ሰኸተትኣ - ሕርቃን ጥርዚ በጺሑ። 'መጓልተይ ቀሊጣቶ ወዲላ መጓልታ ትደፋእ' ብምባል ብዘይልበን ዘውጽኣኣ ጸርፌ ኣሕፈሩወን ኣዳበወን ቀራዕራዕ ኣቤ። ወሽጠን ፈጺሙ ስለ ዘይረግአ ካብ ከፍ ዝበልኣ በዓን ገዲፈን ዓርተዓዕ እናተንሰኣ ክፍሊ መደቀሲ ኻለን ካብ ምኹሕኳሕ ኣየዕረፋን። ንመን ከም ዝዋገረኣ ሓርቢቲዎን'ምበር ኻለን ኣጋጢሙዋ ዘሎ ቀሊል ከም ዘይኮነ ካብ ዘሉቶ ኩነታት ንኽርዕምታ ኣይተጸገማን። 'ምስቲ ዓርኩዶ ተባኢሳ ትኸውን ዋላስ ኣብ ስራሕ'ዩ?' ዝበል ባዕለን ክምልስኣ ዘይክእላ ብዙሕ ሕቶታት ኣብ ሓሳበን ወተፍ በለን። ነገር ኣደ ኩይኑወን 'እሞ ጠቢሳዶ ደኣ ኮይና?' ዝበል ጋሻ ሓሳበ'ውን ኣብ ኣእምሮአን ቅልቅል በለን። 'ምስ'ታ መሓዝኣ ከኣ ተጋዲፊን ግዲ ኹይነን ዚ ግዛ ጨሪሳ ጊዲፋቶ'ያ። ብዙዕቦኣ እንተሓተትኪያ ከኣ ግቡእ መልሲ ዘይትህበኒ፡ ዋላ ኣብ'ታ ገዛኣ ጸባሕ ኣንግሀ ኣበለ ከይደ ክረኽብ ኣሊ'ምበር፡ ከም'ዛ ዘለኹዋ ቅሳነት ኣይትህበንን'ያ እዛ ቆልዓ። ኣነ'ኳ ካብ ፈለም'ኡ ኣይፈተኹዎን ነይረ እንደየ፡ ዝበልኩዋ ከኣ እንሆት ተፈጺሙ። ብቐደሙ ሰይቲ ምድሪ ካብ ገዛኻ ዘውጽእ ኣፍቃሪ ደኣ መዓስ ናይ ነገር ጥዕና ኩይኑ። ደቂ ሎሚ ከኣ ሳ'ዘን መካይን ደስ ዝበሎም ንኽበዝብዑ ቀለለሎም እንደየ። ምኻን ንኣየም እንታይ ጊደርምን ንዐን'ዩን ከም ፈሊታል ፈኸሰን። ኻል'ሲ ርዝን እንተበለት'ዩ እምበር ፈኸሰኮስ በዚሑ። ዛ ኑብሰን ምሕላው ሰኢነን። ብዘይካ ተኸሓሒልካ ጠል ጠል፡ ንኸሰቶ ረኺበኩ ምስ ከሰቶ ኣምሸኹ እንተዘይኩይኑ ፋይዳ ዘይብሉ ኩይኑ ህይወትን። ዚ ግዜ ምንባብ ስኢንንእ ብውሕጅ ፋሽን ልበን ተደፊኑ ዋይ ግዜ! ገለ ከተርእየና ኢኻ' ብምባል ኣብ ኢደን ዝበረት መሽረፈት ብስምዒት ድርብዩ ኣበልኣ።

* * *

እታ ንምድሪ ብረሰኒ ኣንዲዳ ዝወዓለት ጸሓይ ኣብ ምዕራብ እያም ኣቢቲ ክዘናግዐሉ ዝመደቡ መናፈሻ ዓዲ ሓውሻ ብመኪና ጐትያ በጺሖም።

ንፍታሌም፡ ግንቡሩ እናደረዘ፡ "ባ ኒቆዲሞስ ረኺቦመኒ ነይሮም፡ ብዛዕባ ታቦር ብዙሕ ተዛሪቦመኒ፡ ከም ኣዕሩኽ ክትገብሩዎ ዝጸበኣኩም ኣይገበርኩምን። ምስ ዘይጠቕሙ ሰድራ ከም ንዛረብን ንውዕልን ገይርኩመና" ብምባል ነይሮም እያም ተዛሪቦመኒ።

ቀለቤት ኪዳን

ጎትያ፡ መኪንኡ ፓርኪን እናገበረ፡ "እሞ ንሕና እንታይ ዘይገበርናዮ። ወደም ብዘገበሮ ተግባር'ምበር፡ ንሕና ብዘፈጸምናዮ ኣይኮኑን ተዋሪዶም። ደሓር ከኣ፡ ኣነ እዛ ግናይ ትዕቢቶም ኣይፈትዋን'የ። ንሰኻ ከም ክብር ካልኦት ከም ሕሱራት ገይርካ ምቝጻር ጸቡቕ ኣይኮነን። እንታይ ዘይገበርና እዮም'ሞ ደልዮም?" ብምባል ኑቲ ዝፈልጦ መልሲ ካብ ዓርኩ ክሰምዖ ደለየ።

ካብ መኪና ወሪዱ ብዓይኑ ቀጽሪ መዛናግዒ ዓዲ ሓውሻ ብምኽሳል፡ "ከም ኣዕሩኽ መጠን ዓገብ እንታይ ትገብር ኣለኻ ኢልና ዘይመዓድናዮ እዮም ደልዮም። ንሶም ደኣ መዛኖ'ዩ ዘሰምዕ በዚሊ'የም። እቲ ሓቂ'ውን ንሱ'ዩ። ሰብ ካብ ካልእ ሰብ ንላዕሊ ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ምስ መዛነኡን ዓርኩን ክዛረረበሎም እንክሎ ንኽረዳድኣሎም እቲ ዝቐለለ ኣገባብ እዩ" በለ ኣዒንቱ ናብ ዓርኩ መለሰ።

"ንፍታሌም ከኣ ዘይከውን ኣይትዛረብ። ንወለዱ ዘይሰምዐን ዘየኽበረን ሰብ'ሞ እንታይ ኢሉ ንዓና ክሰምዓና። እዚ ኣብ ኣተዓብበዩኡ ዝተብደለ ብዘይካ ንገዛእ ነብሱ ክብሪ ኣብ ዘይህቡ ሰድራ ዝዓበየ ደኣ እንታይ ክኸውን ተጸቢዮሞ። ናፖልዮን ሂል እንታይ ይብል ነይሩ መሲልካ፡ 'እታ ዝበለጸት ኣካዳሚ ሕቖፊ ኣደ'ያ' ይብል ነይሩ። ስለዚ እቲ ዝበለጸ ባህሊ፡ ይኹን ትምህርቲ ኣብ ቤትና ኢና ንመሃሮ። እታ ቤት ኣብ ኣመሃህርኣ እንተተጋግያ ደሚ ከም'ዚ ናይ ታቦር ኣካይዳ ይኸውን እቲ ውጽኢቱ። ፋሉልነት ኣካይድኡ ንሱን ወለዱን'ምበር፡ ንሕና ተሓተትቲ ኣይኮናን" በለ ደምጹ ኣትሪሩ ኣበለ።

"ዋላ'ኳ በዚ እከይ ኣካይድኡ ተሓተትቲ ኣይንኹን'ምበር፡ ተኣቀፍትን ተሓመይትን ኢና። ክንገብሮ ዝግበኣና ዘይገበርናዮ ብዙሕ ነይሩ። እግሩ እግሩ ሰዒብና ካብ ዝኣተዎ ታኼላ ኣብ ክንዲ ከነውጽኦ ንጸዕር፡ ብድፋት ከም'ዚ ዘይትገብር፡ እዚ ዘይትገደፍ ኢና ንብሎ ነይርና'ምበር፡ ዕቱብ ኣልና ከይገድፎ ኣይጸዓርናን" በለ ዕቱብ ኢሉ።

"ተጸሊልካ ዲኻ? እዚኮ ቈልዓ ኣይኮነን። እዚ ቅሉዕ እዚ ጌጋ እናበልና መንገዲ ንመርሖ። ዘኣትዎን ዘውጽኦን ዝፈልጥ ጠሰዕ ጎብዘ'ዩ። ሓለፍቲ ናይ ገዛእ-ርእሱ ጥራይ ዘይኮኑ ናይ ሓዳሩን ሰድራኡን ክሰከሞ'ዩ ዝግበኦ" በለ ብሰድራ ብዘረባ ዓርኩ ሕርቃን ተሰሚዑዎም።

* * *

ታቦር፡ 'እዛ ጉዳይ ከም'ዛ ዘሎታ እንተኸይዳ ፋሕ ብትን ክትብል'ያ እዛ ሓዳር' በለ ብውሽጡ፡ ግንቡሩ እናደረዘ፡ "ኣብ ልበይ ከቢድ ጾር ቃል ኪዳን ጸይረ ንዓኺ ክጸበ ዝሐለፍኩዎ ዓመት ቀሊል ኣይነበረን። ወሊዲ ወሉዶም እንተምስለሞ ፍረ ብርኩ ክኣቶ ሃረር እዮም ዝበሉ። ኣነ ደማ ንድሌቶም ኣየማላእኩን ንዓኺ ክብል። እዚ ዝኸፈልኩዎ ማሰዋእቲ ደሚ ኑቲ ኣብ ልዕሌኺ ዘለኒ ዘይጸዓድ ፍቕሪ ብዘየጠራጥር ዘውክል። እቲ ምንታይ ፍቕሪ ብተግባር ምርኣይ ስለ ዝኾነ መርገጺኡ" ብምባል ንተግባራቱ ዘይውክል ዘረባ ተዛረበ። ሓቀኛ ስምዒቱ ካብ ገጹ ከይንበብ ዝፈርሀ ክመስል ደሚ ርእሱ ኣድኒኑ ኣበለ። ኣዕሚቒ ድሕሪ ምስትንፋሱ "ስለዚ ንኪዳና ንፋስ ዘእቱ ኩነታት ንኸፈጥር ዝፍትን ሰብ ገጺኪ ክትከውልሉ ኣለኪ" በለ ውሽጡ ክርበሽ እናተፈለጦ።

ሶፋንያ፡ "ምቁረይ፡ በዚ ፈጺምካ ክትጠራጠር የብልካን። ልዕሊ ወሊደይ ንህይወተይ ደስታ፡ ባህታን ጸግዕን ክትኮነኒ ከም እትኽእል ኣሚነ'ኳ እየ መጺአኻ። እዚ መርገጸየይ'ዚ ኣብ ዝኾነ ህሞት ፈጺመ ከም ዘይቅይሮ ሓንሳብን ንሓዋሩን ቃል ኣትየ'የ። ስለዚ ኣብ መንጎና ዝኾነ ሰብ ክኣቱ ከፍቅድ የብልናን። ንጉዳይና ባዕልና ንኹን ዋናታቱ" በለት ኣብ ጉድኑ ገጻ ብምቕራብ። ንሂሳ ቀብራ እታ እንኮ ዘላታ ኣማራጺ ተጠቒማ ካብ'ታ ኣትያታ ዘላ ክትወጽእ ከም ዘለዋ ምስ ኑቦ ቃል ኣትያ'ያ።

ንውሽጡ ተቖጻጺሩ ዝጸንሐ ፍርሒ ቅንጥጥ ክብል እናተፈለጦ፡ ኣጻብዕቲ ኢዱ ኣብ መንኩባ ብምስቃል፡ "ልቦናኺ መውዳድርቲ የብሉን። ዓለም ከማኺ ሰብኣይ ብዙሕ ኣይርከብኣን እየን። ዕድለይ ጸቢቑ ደማ ኣነ ወሲኸ" በለ ክምስ እናበለ ኣትረሩ ብምሕቋፍ።

"ካብኻ ዝተመሃርኩዎ ደኣ ከይከውን እምበር ከምዚ ኣይነበርኩን። ብፍቕርኻ ጽልል ኢለ ትምህርተይ ረሲዐ ኣብ ዝነበርኩ እዋን 'ጸወታ ፍቕሪ ናብ ዝኸደና የብሉን። ጉዳይ ትምህርትኺ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ግዜ ሃብዮ' እናበልካ ትኣልየንን ተተባብዐንን ምንባርካ ረሲዐዮ ዲኻ?" በለት ኣብ ሕቖፉ ዝነዓ እንስሳ ከም ዝኣተወት ኑቦ ብፍርሒ ቀጥቀጥ ክብል እናተፈለጦ። ክሳዳ ኣቒኒዑ ኣቢሉ ከንፈሩ ናብ ከንፈራ ብምልኣኽ ንጸወታ ፍቕሪ ዓደሞ። ዋላ'ኳ ባህታ ደኣ ኣይሰምዓያ'ምበር ኣትረራ ኣይተቓወመቶን። "ምቁረይ ስምዒ" ካብ ሕቖፉ በዓል ቤታ ክትወጽእ ተቓለሰት። ኣትኩራ ዓይኒ ዓይኑ እናጠመተት፡ "ሕጂ ንገዛ ክኸይድ ኣፍቅደለይ። ዓለመይ ኣብ ልብኻ'ያ ዘሎ ብዘይኣኻ ሰብ የብለይን" በለት ኣብ መንከሱ መቐዘ ከም ዝሰኣነ ዘው ኢሉ ዝበረ ጭሕሙ በዓብዩ እናዳህሰሰት።

ገጹ፡ ጸልማት ቤት ብርሃን ከም ዝኣተዋ ኣሕ ኢሉ ከም ወርሒ ደሚቑ ፍሽኽታ ብምስናይ፡ "ጸገም የብሉን። ጥራይ ዘባ ሰብ ኣይትሰምዒ" ብምባል ፍርሑ ደርጉሑ።

ይቕጽል...

ካብ 3ይ ገጽ ዝቐጸለ

ካብ 200 ዋት ናብ . . .

25 ማስመራት ብሓንቲ ትራንስሚተር ንምፍናው ክኽእል ኢና።

ብመገዲ ሳተላይታት ዝፍኖ መደባት እንተ ደኣ ርኢናዮ ዝጠዝሉ ዘዩደሊ'ዩ። ተዓዛቢ ዝኮታተለን ካብ ዓሰርተ ዘይሓልፉ ማስመራት እየን። እቲ ዝጠዝሉ፡ ጥቕሚ ዘይብሉ ሰድራ-ቤታት፡ ምስ ደቀን ሓቢረን ክዕዘብኦ ዘይክኣለ'ዩ። እዘን ዲጂታል መደበራት ቲቪ ኣብቲ ህዝቢ ብጠዝሊ ዝኑብሮ ከባቢታት፡ ከም ተሰዘዩ ደቀምሓረን ካልኦት ዓበይቲ ከተማታትናን ክትከለ'የን። ምስዚ ተኣሳሲሩ፡ ኣብ ሓደ ታወር ብሓደ ወጻኢ ናይ ሬድዮ ኤፍኤም. ትራንስሚተራት ክትከል ብምኻኑ፡ እዚ ብቐንዱ ናብ ቴሌቪዥን ዝቐንዐ ፕሮጀክት ንሬድዮ እውን ክንጥቀመሉ። እዘን ኤፍኤም. ትራንስሚተራት ዲጂታል ፈነወ ከካይዳየን። ክሳብ ሓሙሽተ ማስመራት ክንፍኖ ክንክእል ኢና። ኣብዚ ግዜ ናይ ተቐበልቲ ሬድዮታት ጸገም ኣሎ። ምኽንያቱ ሓንቲ ዲጂታል ፈነወ እትቕበል ሬድዮ ካብ 50 ክሳብ 100 ዶላር እዩ ዋጋኣ። ንፈተነ ደማ ገለ 100 ዝኾና ጠለብና ኣለና። ዝኣገን ንምምሕዳራት ብምዕዳል ምስ ኣጋዋሕቲ ደምጺ ኣተኣሳሲርና ዝተመርጹ መደባት ኤፍኤም. ዝጠዝለ ህዝቢ ከምዝሰምዖ ክንገብር እዩ መደብና። ብተወሳኺ ሰሚዕቲ ብሞባይል ይኹን ብዘኾነ ናይ ኤፍኤም ተቐባሊ ሬድዮ ክከታተሉ ይኽእሉ። ስለዚ ብኽልተ ኣገባብ ክኸይድ'ዩ ማለት'ዩ።

ኣብ መላእ ዓለም ሓጺርን ማእከላይን ማዕበል ዳርጋ ተሪፉ፡ ብኤፍኤም. እዩ ዝትካእ ዘሎ። እዚ'ውን ናቱ ጸገማት ኣለዎ። ኣብ ማእከላይ ማዕበል ኣብ ሓደ ቦታ ትራንስሚተር ተኺልካ ሰፊሕ ከበባታት ክትሸፍን ትኽእል ኢኻ። ኤፍኤም. ማዕበል ግን ብዙሕ ዝኾዓዝ ኣይተሳን። ስለዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከተማ ክትተክል ክትክእል ኣለካ። ካብ ማእከላይ ቦታ ብሳተላይት ተቐቢልካ፡ ከም ብሓደሽ ትፍንዎ ማለት'ዩ። እቲ ካልኣይ ጠቐሚ ናይ ኤፍኤም፡ ምምሕዳር ዞባታት ንከበብኦን ዝምልከት ሓበሬታን መምርሒታትን ከመሓላልፉ፡ ዝተፈላለዩ ኣስንሳትን ከካይዳ ምስ ዝደልዩ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ንእሽቶይ ስቱድዮ ተኺለን ክጥቀማ ይኽእላ'የን። ምስ'ቲ ካብ ማእከላይ ቦታ ዝፍኖ መደባት ብምዝማድ ማለት'ዩ።

ማእከላይ ማዕበል እውን ክተርፍ ማለት ኣይኮነን። ናይ ማእከላይ ማዕበል ሓደሽቲ ትራንስሚተራት ኣለዋና። እተን ዕስራ ዓመታት ዝገበራ ናይ ቀደም ትራንስሚተራት፡ ካብ ስራሕ ወጻኢ እናኾና እየን ዝኸዳ ዘለዋ። ኣብ'ዚ ናይ ክልተ-ሰለስተ ዓመታት መደብና ከኣ፡ ሓደሽቲ ኣሃይ 100 ኪሎ ዋት ማእከላይ ማዕበል ትራንስሚተራት ክንወስኽ መደብ ኣለና። ኣብ ሓጺር ማዕበል፡ በተን ዝነበራና ትራንስሚተራትን ጃሚን ንምፍኻል ዝትዓጸናየንን ጊርና እቲ ፈነወ ጽቡቕ ክቕጽል ይኽእል እዩ።

ምስዚ መደባት ቴክኒካዊ ምዕባለ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ዝዓበየ ዕማም፡ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ እዩ። በዚ ደማ ኣባላት ምህንድስና፡ ዓቕሞም ክብ ዘብልሉ ዝተፈላለየ መደባት ስልጠና ሰሪሕና፡ ማስርሕ ህንጻ ክኢላዊ ዓቕሚን ምትእኽኻእን ብዝሓየለ መልክዕ ክንቕጽሎ መደብ ኣለና።

ትርሙማ

ሃብቶም ኢዮብ

እተመሳቐለ ቃላት

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም ሕቶ ናይ እተመሳቐለ ቀረቡ ነይሩ። ሕጂ ድማ መልሲ ናቱ እንሆ። ኣዳላዊኡ መምህር ዮናስ ብርሃነ'ዩ።

ር	ብ	ቃ	
ሑ	ሱ	ር	
ስ	ም	ስ	ም
ሓ	መ	ድ	
ድ	ር	ብ	
ሽ	ም	ዓ	
ዓ	ቐ	ሊ	
መ	ር	ፍ	እ
ት	ኽ		

ፍቱዋት ህጻናት ቀዳሞት ፊደላት ናይ ኩለን ቃላት እንተተመልኪትኩመን "ርሑስ ሓድሽ ዓመት" እየን ዝብላ ዘለዋ።

ዘቢብ ዘቢባ

ዘቢብን ዘቢባን ሓድሽ ዓመት መዓልቲ ኣብ እንዳ ዘቢባ ኩይነን የዕልላ ነይረን። ክልቲአን እናኣዕለላ እንከለዋ ኽኣ ኣሚነን ኣሚናን ተሓዊሶመን። ድሕሪ ሰላምታ ብቐልጡፍ'ዩ ዕላል ተጀሚሩ።

"ኣሚናን ኣሚነን ደኣ በየን ጸኒሕኩም?" ሓተተት ዘቢብ። ኮፍ ንኺብሉ ኸኣ ሓሓንቲ ዱኳ ሃቡቶም።

"ከኑብ ገዛና ትኽ ኢልና መጺእና?" መለሰ ኣሚኒ።

"ሓድሽ ዓመት ስለዝኾነ 'ርሑስ ሓድሽ ዓመት' ክትብሉና መጺእኩም?" በለት ዘቢባ።

ኣሚነ ቀድሚ ምምላሱ ሰሓቕ ሰዒሩዎ ነይሩ። ግዳ ቀልጥፍ ኢሉ ኣቋረጾ።

"ተዛረብ እንዶ?" በለት ኣሚና'ውን እናሰሓቐት ደድሕሪኡ።

"ገለስ ተበሃሂሉም ኣለው፧" በለት ዘቢብ ብወገና።

"ኃለይ 'ግድን ደዩ ኣብ ሓድሽ ዓመት ጥራይ ጽቡቕ ትምኒት ክንገልጽ' ኢለዩ። ንሱ ኸኣ 'ሓድሽ ዓመት ማለት'ኮ ኩሉ ዝሓበረካ ኣካይዳ ለዊጥካ ብሓድሽ መንፈስ ምጅማር ማለት'ዩ' ኢሉኒ። ኢልካኒ ኣይብልካንን?" በለት ኣሚና ናብ ኣሚነ እናጠመተት።

"ብዙሕ እንዲና ተኻቲዕና። ከመይ ገይርኪ ኑቲ ዝበልኩዎ ቍንጥር ኣቢልኪ ተምጽእዮ?" በለ ኣሚኒ።

ኣሚነን ኣሚናን ናብ ሂር ዝበለ ክትዕ ኣትየም። ክትየም ግና ሰሓቕን ዋዛን ነይሩዎ።

"ኩሉ ገዲፍና እዚ ኣሚና ዝበለትካ ኢልካዮ ኣይብልካዮን?" በለት ዘቢብ።

"እወ ኢለዮ" ኣመነ ኣሚኒ።

"ኣብ ሓድሽ ዓመት ኩሉ ነገራትካ ቀይርካ ብሓድሽ ኣጀማምራ ትጅምር ኢልካ ኢኻ ትኣምን?" ሓተተት ዘቢብ።

"እወ"

"ንኣብነት ካብ ጸወታ ምብዛሕ መጽናዕቲ ምብዛሕ ከም ዝሓይሽ ዓሚ ኣትሒዝካ ትዛረብ ነይርካ። ኣብ ሓድሽ ዓመት ኩሉ ነገራትካ ለዊጥካ ትኣቱ እንተ'ኼንካ ኑቲ ምጽናዕ ክትገድፎ ዲኻ። ምኽንያቱ ተለዊጥካ ምቕራብ' ኢኻ ትኣምን ምሽ?" ሓጺር ህሞት ድሕሪ ምዕራፋ "ማለትሲ ዋላ ጽቡቕ ሸኸኻ ዲኻ ኽትቅይር ዘለካ?"

"ከምኡ ማለተይ ኣይኮነን። እቲ ጽቡቕ ትቕጽሎ፡ ኑቲ ሕማቕ ድማ ትቕይሮ ማለተይ እየ" በለ ኣሚኒ። "እንታይ ኢኺ ክትብሊ ደሊኺ ተዛሪቢ" በላ ንዘቢብ።

"ወደይ ኣሕጽር ኣቢለ ኣነ ኽነግረካ" በለት ዘቢባ። "ኣብ ሓድሽ ዓመት መዓልቲ ጥራይ ኣይኮንካን ጸጽቡቑ ክትሓስበን ክትመባጽዕን ዘለካ። ኩሉ ግዜ ጸጽቡቑ ክትሓስብ ከም ዘድልየካ እየን ክነግራኻ ዝደልያ ዘለዋ" በሉቶ ናብ ኣሚናን ኣሚነን እናጠመተት ብብተራ።

ብድሕርዚ ኣርባዕቲኦም ኩሉ ግዜ ሰናይ ትምኒቶም ክገላለጹ ከም ዘድሊ ተረዳድኡ።

ብልሒ እቲ ቈልዓ

ማማ ጉየይ ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝገብርኦ ገዛኦን ዓጸየን መፍትሕ ናይ ገዛኦን ኣብታ ወትሩ ዘቐምጥኦ ፍኒስትራ ኣቐሚጠን ናብ ሹቕ ከዳ። ዝደለይኦ ኣስቤዛ ዓዲገን ድማ ናብ ገዛኦን ተመልሳ። ገዛ ከፊተን ናብ ቤተን ኣተዋ። ቤተን ግን ዘይከምቀደሙ ገለ ምልዕዓል ተዓዘባ። ኣብ ማእከል እቲ ቤት ዝነበረት ጣውላ ጠመታ። ኣብታ ጣውላ ዝገደፍኣ ዓሰርተ ናቕፋ ኣይነበረትን። በዚ ድማ ኣመና ጉሃያ። 'ኣየናይ ደፋር እዩ ገዛይ ኣትዩ ዝፍትሸ' በላ ብሕርቃን። ብሕርቃን ገለ መሰለን ድማ ናብ ደገ ወጽኣ።

ኣብ ኣፍደገ ምስ ወጽኣ፡ ንናሆም ርኣይኦ። ብሕማቕ ዓይኒ እናጠመታ ድማ፡ "ንዓስከ ኣታ ቈልዓ" ኑዲረን ጸውዓኦ።

ናሆም ብሰንባደ፡ "ንዓይ ዲኺን ማማ ጉየይ" ኢሉ ሓተተ።

"ንዓኻ እምበር ንመን ደአ? መንዶ ኣሎ'ዩ ብዘይኣኻ" ተገሪጨን ተዛረባ።

ናሆም ካብቲ ኮፍ ኢሉዎ ዝነበረ ብምትንሳእ ብሰንባደ ዝኣክል ብቐልጡፍ ኣሳጊማ ናብኣን ገጹ ቀረበ።

ማማ ጉየይ ናብ ውሽጢ ገዛ ሒዘንኦ ኣተዋ። "ኣብዚ ገዛ ዝነበረ ንብረት ተሳዒሉ ኣሎ። ንስኻ ድማ ኣብዚኣ ጉዳይካ ኣብኣ ድማ ጸኒሕካ። ብዘይኣኻ ዝወስዶ ሰብ የለን። ስለዚ ብኸብረትካ ኣብዛ ጣውላ ዝነበረት ዓሰርተ ናቕፋ ኣብይ ገርካያ" ብሕቶ ኣዋጠርኦ።

ሃንደበት ዝኾኖ ናሆም ንእለት ኣብ ኣዒንቱ ንብዓት ቋጸረ። "ማማ ጉየይ ኣነ ናብ ገዛኽን ኣይኣተኹን። ዝኾነ ንብረት ድማ ኣየልዓልኩን። ማማ ጉየይ እዚ ትብልኦ ዘለኽን ኣይተረዳኣንን" ብትሕትና ተዛረበን። ናሆም ተማሃራይ ሓሙሻይ ክፍሊ ወዲ 10 ዓመት ንፉዕ ተማሃራይ እዩ።

"ግደፍንዶ መን ደአ ወሲዱዎ ክብል እየ" ተጸዊገን ሓተታ።

"ማማ ጉየይ ኣብዚ ገዛውቲ ኣነ ጥራይ ኣይኮንኩን ዘለኹ። ከመይ ኣብልክን ንዓይ ተልግባለይ ኣለኽን?" እናነብዐ ሓተተን።

"ከድንዶ ግዳ ኣይትንብዐለይ። ሕጂ ከምዚ ዝለመድካ ምስ ዓሮካ እንታይ ክትከውን ኢኻ" ብንዕቀት ተዛረባ።

"ማማ ጉየይ ዝኾና ባዕለይ'የ ዝፈልጦ። እዚ ዝበልክንኦ ግን ንዓይ ኣይምልከተን'ዩ፡" ብዘተኽላተፈ ድምጺ ተዛረበ።

"ሕራይ ጥራይ ወጽኣለይ በቃ ከደለይ" ኢለን ብኢዱ ሒዘን ካብ ገዛ ኣውጽኣኦ። ምስኪን ናሆም ድማ ብዘይ ገበር ንብዓቱ እናደረዘ ንገዛኡ ገዲፉ ካብታ ብዙሓት ተቐማጦ ዘለዉዋ ካንሸሎ ወጽአ።

ካብ ካንሸሎ ክወጽእ ድማ ምስቲ ካብኡ ብሓደ ዓመት ዝዓቢ ግርማይ ጉረቤቱ ተራኸበ። ግርማይ ጉረቤት ናህም፡ "ናሆም ዓርከይ እንታይ ኴንካ ደአ ትበኪ ኣለኻ?" ሓቲቶ ኑቲ ብንብዓት ዝተሓጸበ ገጹ እናተዓዘበ።

"ማማ ጉየይ ዓሰርተ ናቕፋ ተሰሪቐወን። ኣነ ድማ ኣብ ገዛ ስለ ዝነበርኩ ንዓይ ኣላግበናለይ። ኣነ ድማ ናይ ዝኾነ ንብረት ኣልዓለ ኣይፈልጥን እየ። ዘይገበርኩዎ ስለዝኾነ ድማ ኣሕሚሙኒ" በለ ናሆም እናንተኸኸ።

"ደሓን ብዙሕ ኣይትሕመም። ዘይገበርካዮ እንተኾንካ ጸገም የብሉን። ኣጆኻ ናሆም ዓርከይ" ጸጉሪ ርእሱ እናጠወየ ተዛረበ።

"እንድዒ ከምዘይገበርኩዎ ብኸመይ ከረድኣን እኽእል?" ገለ መልሲ እንተረኸበ ንግርማይ ሓተቶ።

"ብዙሕ ኣይትጨነቕ ዘይገበርካዮ እንተ'ኼንካ ኣይትሕመመሉ፡"

"ከመይ ኣይሓመሙን ሰብ 'ሰራቒ' ክብለካ እኳ የሕምም እዩ።"

"በል ከይደ ናብ ገዛ በጺሐ ክመጽእ እየ" ገዲፉዎ ናብታ ብሓባር ዝነብሩላ ካንሸሎ ኣተወ። ንማማ ጉየይ ድማ ኣብ ኣፍ ደገ ገዛአን ጠጠው ኢሉ ርእየን። ኣብ ጥቓአም ምስ ቀረበ ድማ፡ "ከመይ ወዓልክን ማማ ጉየይ" ሰላምታ ለገሰ።

"ደሓን'የ ግርማይ ወደይ እስከ ንዓ ሓንሳብ ንገዛ እቶ" ናብ ገዛአን ንኽኣቱ ዓደማኦ።

"ጸገም የለን ማማ ጉየይ" ኢሉ ተኸቲሉወን ናብ ገዛ ኣተወ።

"ስማዕስከ ግርማይ ወደይ ኣብዚ ጣውላ ዝገደፍኩዎ 10 ናቕፋ እንደዩ ተሰሪቑ ጸኒሑኒ። ኣብ ገዛ ኣትዩ መን ክሰርቕ ይኽእል?" ሓተታ ትሕት ኢለን። ግርማይ ወዑይ ጠባይ ስለዘለዎ ብትሪ ምዛራብ ከምዝኽእልኦ ይፈልጣ'የን። ካብ ዋዒ ዝተሳዕለ ምስ ደቂ እቲ ገዛውቲ ከይተቓልሰ ኣይውዕልን እዩ።

"ኣነ እንታይ ፈሊጠ። ንግሆ ምስ ወጻእኩ ሕጂ እየ ገዛ ዝኣቱ ዘለኹ። ናሆም ካብዛ ካንሸሎ ስለ ዘይወጽአ ንሱ ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብዚ ካንሸሎ እናበኸየ ክወጽእ ርእየዮ ኣለኹ። ተዛሪብክንኦ ዲኽን?" ኑቲ ዕጥርጥር ዝበለ ገጹን እናተዓዘበ ተዛረበ።

"ንሱ ኣብዚ ቅድመይ ስለ ዝጸንሐ ተዛሪበዮ። ምብኮዩ ድማ ብዘይ ገበር የጸልሞ ከይህሉ ፈሪሀ ግርማይ ወደይ። ካብ ኩሉ ጠባዩ ጥዑም እዩ። ብምዝራብይ ከምገን ተጣዒሰ፡" ማማ ጉየይ ጣዕሰአን ገለጻ። ኣብ ሳሎን ኮፍ እናበላ ተዛረባ።

"ከምኡ ኣይትበላ ማማ ጉየይ። ሰብ እኳ ኣይፍለጥን እዩ። ክገርመክን ከይትግረሚ ደኣ እምበር ንሱ ዝጉበሮ ምገበሩኽን" ንናሆም ኩሉ ሰብ ስለ ዝፈትዎን ንፉዕ ስለ ዝኾነን ይቐንኣሉ እዮም።

"እንታይ እዩ ንገረኒ። ኣነ ደአ ቈልዓዶ ኮይነ ክዝርልካ" ምስጢር ንኽሰምዓ እዝክን ጸለዋ።

ይቕጽል . . .

መም/ያቆብ መርሃዊ

ሓድሽ ዓመት

እተን ኣዕዋፍ
ሓድሽ ዓመት ኩይኑ
ከበስራ
ብሓጐስ እናተሰራሰራ
ኣብ ኣየር እናበረራ
ህጻናት ምጩዋት
ንዘምር ብሓባር
ንበል ርሑስ ሓድሽ ዓመት
መታን ክንሕጐስ
ፍቕሪ፡ ሰላም፡ ቅሳነት
ሓቢርና ክንቋደስ

መም. ዮናስ ብርሃነ

ቍጽሪ

ቀጽሪ ሓዘለይ

- ሓደ ብሰለስተ ሓደ ዓይነት ቀጽርታት ዝቖመ ቀጽሪ ሓዘለይ።
- ኑዩም ሰለስተ ቀጽርታት ንደምሮም
- እቲ ፈለማ ዝሓዝናዮ ቀጽሪ ነዚ ደማርና ዝረኸብናዮ ቀጽሪ ንምቀሎ
- ወጽኢትና ክንደይ መጺኡ?
- መልስና 37 እንተዘይኪይኑ ጌጋ ፈጺምና ኣለና

ኣሰራርሓ

- ብሰለስተ ሓደ ዓይነት ቀጽርታት ዝቖመ ቀጽሪ ንሓዝ። ንኣብነት 222
- ነዞም ሰለስተ ቀጽርታት ንደምሮም

2 + 2 + 2 = 6

- እቲ ፈለማ ዝሓዝናዮ ቀጽሪ 222 ምዃኑ'ዩ ኑቲ ደማርና ዝረኸብናዮ ቀጽሪ ማለት 6 ንምቀሎ።

222 ÷ 6 = 37

- መልስና 37 ስለዝኾነ ኣብ ኣሰራርሓና ቅኑዕት ኣለና።
- ዝኾነ ካልእ ቀጽሪ ተጠቒምኩም ብኸምዚ ኣገባብ እንተሰሪሕኩም መልስኹም 37 ክኸውን ኣለዎ።
- እስከ 333፡ 444፡ 888፡ 999፡ ተጠቒምኩም ስርሑ!

ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

ቀዳማይ ዙርያ ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ...

ኣብ መንጎ 24 ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዞባ ማእከል ክካየድ ዝወርሐ ስፖርታዊ ግጥማት፡ ጽባሕ ብዝካየዱ ጸወታታት ናይ ቀዳማይ ዙርያ ንጥፈታቱ ከምዝዛዘም ተፈሊጡ።

ግጥማት ኵዕሶ እግሪ፡ መርበብን ስኪዔትን ብኽልቲኡ ጾታ ዘሳተፈ ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ጽባሕ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ ናይ ርብዒ ፍጻመ ጸወታታት ኣብ ዝተፈላለየ ሜዳታት ክካየድ እዩ።

ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝቐጸለ ንጥፈታት፡ ኣብ ኵዕሶ እግሪ ካልኣይ ደረጃ ደቂ ኣንስትዮ ዝተረኽበ ውጽኢት፡ ሰምበል ንጻዕዳ ክርስትያን 5-ብ0 ኩተዕንዋ እንከላ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ሰማእታት ንቶኮር 7-ብ0 ድሂኻታ። ሓርነት ንተኽለ ዓገባ 7-ብ1 ብዝኾነ ገፊሕ ውጽኢት ክረትዓ እንከላ፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንደብረጽዮን ቅድስት ማርያም፡ ደምበ ሰምበል ንማርኮኒ ብተመሳሳሊ ውጽኢት 3-ብ0፡ ቀይሕ ባሕሪ ንጻዕዳ ክርስትያን፡ ሰምበል ንርእሲ ዓዲ ብተመሳሳሊ ውጽኢት 2-ብ0 ከሰንፈኦን እንከለዋ፡ ልምዓት ንሰሓርቲ 1-ብ0፡ ከምኡ'ውን ማይ ነፍሒ ንሓላይ 2-ብ1 ብዝኾነ ውጽኢት ተዓዊተናለን።

ኣብ ውድድር ኵዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ደምበ ሰምበል ንሓላይ፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንሰማእታት፡ ሓርነት ንተኽለ ዓገባ፡ ሰምበል ንርእሲ ዓዲ ብተመሳሳሊ ውጽኢት 2-ብ0 ከሰንፈኦን እንከለዋ፡ ማይ ነፍሒ ንልምዓት፡ ቶኮር ንኢሳቕ ተወልደመድህን ብተመሳሳሊ 2-ብ1 ብዝኾነ ውጽኢት ኣፋንዩንኦን።

ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር ሓላይ ንሰሓርቲ፡ ጻዕዳ ክርስትያን ንዲያእ፡ ቶኮር ንኢሳቕ ተወልደ መድህን፡ ሰማእታት ንደብረጽዮን ቅድስት ማርያም፡ ሓርነት ንተኽለ ዓገባ፡ ርእሲ ዓዲ ንሰምበል፡ ብተመሳሳሊ ውጽኢት 2-ብ0 ሰዒረንኦን።

ኣብ ውድድር ኵዕሶ ስኪዔት ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓላይ ንሓርነት 24-ብ6፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ቀይሕ ባሕሪ ንጻዕዳ ክርስትያን 57-ብ25፡ ባርካ ንኢብራሂም ሱልጣን 65-ብ18፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንደምበ ሰምበል 45-ብ38 ውጽኢት ተዓዊተናለን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ኣብ መንጎ መባእታን ማእከላይ ደረጃን ንኣስታት ሰለስተ ኣዋርሕ ዝተኻየደ ስፖርታዊ ውድድራት ዝሓለፈ ሰሙን ተዛዚሙ። ኣብ ውድድር ኵዕሶ እግሪ መባእታ ደቂ ኣንስትዮ ጎዳይፍ ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ ፍኖተ ጥበብን ሳሊናን ከኣ ካልኣይትን ሳልሰይትን ኮይነን። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ቀዳመይቲ ፍኖተ ጥበብ፡ ካልኣይቲ ጎዳይፍ፡ ሳልሰይቲ ድማ ሳሊና ኮይና።

ኣብ ናይ ማእከላይ ደረጃ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ደምበ ሰምበል፡ ባናን ብድሆን ቀዳሞት ሰለስተ ተሰሪዐን። ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ፡ ብድሆ፡ ባናን ፊላንድ ሚስዮንን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺአን። ኣብ ኵዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ ቀዳመይቲ ባና፡ ካልኣይቲ ዓወት ከምኡ ድማ ሳልሰይቲ ብድሆ ኮይነን። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ባና፡ ዓወትን ደምበ ሰምበልን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዝወጻ ኣብያተ ትምህርቲ እየን።

ኣብ ውድድር ኵዕሶ ስኪዔት ደቂ ኣንስትዮ፡ ፊንላንድ ሚስዮን፡ ዓወትን ደምበ ሰምበልን ጸብለል ኢለን። ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ፡ ብድሆ፡ ባናን ፊንላንድ ሚስዮንን ዕዉታት ምዃነን ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ኣፍሊጡ።

ናትናኤል ናብ ዳይመንሽን ዳታ ኣምሪሑ

ተቐዳዳማይ ክሉብ ኤሪተል ናትናኤል ተስፋጽዮን ናብ መጋቢት ክሉብ ዳይመንሽን ዳታ ምጽንባሩ እታ ክሉብ ኣብዚ ሳልስቲ'ዚ ኣፍሊጣ።

እዚ ወዲ 19 ዓመት ተቐዳዳማይ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ቅጽበታዊ ውድድር ብሉጽ ብቕዓት ዘርእዩ ዘለዉ ተቐዳደምቲ ኮይኑ፡ ኣብ ቻይና ኣብ ዝተኣንገዱ ውድድራት እውን ምስ ክለቡ ኤሪተል ብምዃን ስሙ ክኹልዕ ክኢሉ እዩ።

ክሉብ ዳይመንሽን ዳታ፡ ኣብዛ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ጋንታኣ ሽዱሽተ ኣፍሪቃውያን ተቐዳደምቲ ሓቝፉ ትርከብ። እቶም ክልተ ዝሓለፈ ዓመት ምስዛ ጋንታ ምንባሮም ዝገለጸት ዳይመንሽን ዳታ፡ ሎሚ ዓመት ብዘይካ ንናትናኤል፡ ሙሉ ሃይለሚካኤልን ሚልዮን በየነ ንዝተባህሉ ኢትዮጵያውያን ከምኡ ድማ ንደቡብ ኣፍሪቃዊ ኮኖር ብራውን ኣብ መሳርዓ ኣእትያቶም ትርከብ።

ኣብ 2018፡ ኣብ ዙር ፋዞ ከምኡ እውን ታይሁ ሌክ ዝተሳተፈ ናትናኤል፡ ቅድሚ ዓመት እውን ኣብ ኢንዶነዥያ ኣብ ዝተኻየደ ዙር ምስታፉ ፕሮሳይክሊን ስታትስ ትሕብር።

ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝተፈጸመ ውድድር ሻምፕዮን ዞባ ማእከል 2018፡ ክሉብ ኤሪተል ብውልቂን ብጋንታን ኣብ ዘንጸባረቐትሉ ውድድር ቀዳማይ ዲቪዥን ተራ ናትናኤል ዕዙዝ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

መደብ ጸወታ

ሎሚ

ላ'ሊጋ እስጳኛ

ሪያል ቫላዶሊድ - ራዮ ቫለካኖ 3:00
ዲፖርቲቮ ኣላቨስ - ቫለንሲያ 6:15
ሄስካ - ሪያ ቤትስ 10:45

ኤፍ ኤ ካፕ

ቦርንማውዝ - ብራይ. ኣልብዮን 3:30
በርንሊ - ባርንስሊ 3:30
ማን ዩናይትድ - ሬዲን 3:30
ሼፊልድ ወደንስደይ - ሉተን ታውን 3:30
ሽረውስበሪ ታውን - ስቶክ ሲቲ 3:30
ዌስት ብሮም - ዊጋን ኣትለቲክ 3:30
ዌስት ሃም - በርሚንግሃም 3:30
ኣስቶን ቪላ - ስዋንሲ 6:00
ቦልተን - ዌልሳል 6:00
ቸልሲ - ኖቲንግሃም ፎረስት 6:00
ደርቢ ካውንቲ - ሳውዝሃምፕተን 6:00
ኤቨርተን - ሊንኮሊን ሲቲ 6:00
ብላክፑል - ኣርሰናል 8:30
ኒውካስል - ብላክበርን 8:30
ኖርዊች - ፖርትስማውዝ 8:30

ጽባሕ

ላ'ሊጋ

ኤባር - ቪያሪያል 2:00
ሰቪያ - ኣትለቲኮ ማድሪድ 6:15
ሪያል ማድሪድ - ሪያል ሶሴዳድ 8:30
ገታፈ - ባርሴሎና 10:45

ኤፍ ኤ ካፕ

ማን ሲቲ - ሮተርሃም ዩናይትድ 5:00
ኪውፒኣር - ሊድስ 5:00
ኒውፖርት ካው. - ሌስተር ሲቲ 7:30

እንታይ ከ ይሰማዕ ኣሎ?

+ ኣከፋፋሊ ክሉብ ኣርሰናልን ዌልስን ኣሮን ራምሲ፡ ናብ ጁቬንቱስ ክሰጋገር ምስምማዑ ተሓቢሩ። እዚ ወዲ 28 ዓመት ኣከፋፋሊ፡ ኣፈናዊ ስምምዕ ምኽያዱን ኣብዚ ወርሒ'ዚ ከኣ ኣብ ወረቐት ክስፍሮ ከምዝኽእልን ተሓቢሩ። ጁቬ ነዚ ተጻዋታይ ንምውናን 7 ሚልዮን ፓውንድ ሰሊዓ ምህላዋ ይንገር። ምንጪ - ካልቾመርካቶ

+ ዳይረክተር ክሉብ ሰቪያ ጆከን ካፓርስ፡ ክለቡ ንእስጳኛዊ ኣጥቃዒ ኣልቫሮ ሞራታ ናይ ምዕዳግ ባህጊ ከምዘለዋ ኣፍሊጡ። እዚ ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታይ፡ ብተደጋጋሚ ካብ ሜዳ ስታንፎርድብሪጅ ወጺኡ ናብ ሪያል ማድሪድ ክሰጋገር ከምዝደሊ ገሊጹ ነይሩ። ይኹን እምበር፡ ቸልሲ፡ መተካእታኡ ተጻዋታይ ከይረኸበት ናብ ካልእ ክሉብ ክተፋንዎ ከምዘይትደሊ ተረዲኡ። ምንጪ - ፋትቦል ለንደን

+ ሰቪያ፡ ንተኸላኻሊ ማንቸስተር ዩናይትድ ኤሪክ በየሊ ብመልክዕ ልቓሕ ክተሰጋግሮ ከምእትደሊ ኣፍሊጣ። ምንጪ - ቴለግራፍ

+ ኢጣልያዊ ኣጥቃዒ ክሉብ ኒስ - ማርዮ ባሎተሊ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ክምለስ ከምዝኽእል ተሓቢሩ። እዚ ወዲ 28 ዓመት ተጻዋታይ፡ ምስ ኒውካስል ዝርርብ ምጅማሩ እውን ይንገር ኣሎ። ምንጪ - ሚረር

+ መሱት ኦዚል፡ ሜዳ ኢማራትስ ከምዝይምእመኦ መራኸቢ ብዙሃን ዓዲ እንግሊዝ ይሕብራ። እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ናይ ምስግጋር ተጻውትቲ ወቕቲ ናብ ካልእ ክሉብ ክሰጋገር ከምዝኽእል እኳ እንተተሓበረ፡ ከም ኢቨኒን ስታንዳርድ ዝኣመሰላ ጋዜጣታት ግና ክሳብ መወዳእታ ናይዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመተ ስፖርት ምስ ኣርሰናል ከምዝጸንሕ ኣብ ዓምድታተን ኣስፊረን።

+ ኣብ ራዳር ክሉብ ኣርሰናል ኣትዩ ዝነበረ ሓላዊ ልዳት ሪያል ማድሪድ ኬለር ናቫስ፡ ምስታ እስጳኛዊት ክለቡ ክሳብ 2021 ዘጽንሖ ሓድሽ ውዕል ክፍርም። እዚ ወዲ 32 ዓመት ኮስታሪካዊ ብዘይካ ብኣርሰናል ብጁቬ እውን ተጠሚቱ ነይሩ። ምንጪ - ማርካ

+ ዉር መሴክ፡ ንወዲ 18 ዓመት እንግሊዛዊ ተጻዋታይ ክሉብ ቸልሲ ካሉም ሁድሰን-ኦዶይ 30 ሚልዮን ፓውንድ ብምስላዕ ተጣይቐሉ ምህላዋ ተሓቢሩ። ምንጪ - ስካይ ስፖርትስ

ሮናልዶ ተሸሊሙ

ፖርቱጋላዊ ተጻዋታይ ክሉብ ጁቬንቱስ ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ ኣብ 2018 ብዘርኣዮ ብሉጽ ብቕዓት፡ ሽልማት ግሎብ ሶከር ወሲዱ።

እዚ ኮኾብ ተጻዋታይ፡ ኣብቲ ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዱባይ ዝተኣንገደ ስነ-ስርዓት ምዕዳል ሽልማት ንኣንትዋን ግሬዝማንን ኪልያን ምባፐን ብምስዓር እዩ ነቲ ሽልማት ክወስድ ክኢሉ።

ንሳልሳይ ተኸታታሊ ግዜኡ ነዚ ሽልማት'ዚ ዝወሰደ ሮናልዶ፡ "ጽቡቕ ምጅማር 2019" ኩብል እቲ ሽልማት ከምዝሐጎሶ ኣብ ትዊተር ኣስፊሩ።

ወኪሉ ጆርጅ መንደስ እውን 'ብሉጽ ወኪል 2018' ተባሂሉ ተመሳሳሊ ክብሪ ረኺቡ።

ተወሳኺ ...

+ ብቐዋምነት ንማንቸስተር ዩናይትድ ክዕልም ከምዝብህግ ዝሓበረ ሶልሻየር፡ ተጻወትቱ በዚ ፈጢሮሞ ዘለዉ ውህደት፡ እተዓግቶም ጋንታ ከምዘይትህሉ ተዛሪቡ። "ንኹሉ ጸወታታት ናይ ምዕዋት ዓቕሚ ኣለና" ዝበለ ሶልሻየር፡ ብረቡዕ ጋንታኡ ንኒውካስል 2-ብ0 ምስዓራ ይዝከር። ማን ዩናይትድ፡ ሎሚ ኣብ ሜዳኣ ኦልድትራፎርድ ምስ ሪዲን ኣብ ሳልሳይ ዙርያ ግጥማት ኤፍ ኤ ካፕ ክትጽመድ እያ። ማርን ፈላይኒ፡ ፍረድን ዳሎትን ምስ ቀዳሞት 11 ናይ ምስላፍ ዕድል ከምዝለዎም ይንገር። ብተመሳሳሊ ሓላዊ ልዳት ሰርጆ ሮሜሮ እውን ተመሳሳሊ ዕድል ክወሃቦ ግምት ኣሎ።

+ ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ማን ሲቲ፡ ካብ ኣጉዌሮን ሴንን ብዝረኸበቶን ክልተ ሸቶታት ንሊቨርፑል 2-ብ1 ሰዒራታ። ካብ ስዕረት ዘየናገፈታ ሸቶ ካብ ፊርሚንዮ ዝረኸበት ሊቨርፑል፡ ቡቲ ስዕረት፡ ን20 ጸወታታት ዘመዝገበቶ ናይ ዘይተሰዓርነት ጉዕዞ ተኾሊፉዋ። ይኹን እምበር፡ ሊቨርፑል፡ ሕጂ እውን ብ54 ነጥቢ መሪሕነት ካብ ምሓዝ ኣይተዓንቀጸትን። ምስ ሊቨርፑል ተመሳሳሊ 39 ጸብለልታ ሸቶ ዘለዋ ማን ሲቲ ብ50 ነጥቢ ካልኣይ ክትስራዕ እንከላ ቶተንሃም ድማ ብ48 ነጥቢ ሳልሰይቲ ኣላ። ቸልሲ ብ44፡ ኣርሰናል ድማ ብ41 ነጥቢ ክሳብ ሓሙሻይ ዝተሰርዓ ጋንታታት እየን።

“ድምጺ ሓፋሽ” ዶ “ድምጺ ሓቂ”

ሃብተጊዮርጊስ ተስፋማርያም
(ጠዊል)

ካልኣይን ናይ መወዳእታን

ብእንኮ ትራንዝሚተር (ሓንቲ ሜትር ባንድ) ዝሰለመ ፈነወ፡ ቀስ ብቐስ ናብ 8 ፈነወታት በጺሑ፡፡ ስርዓት ደርጊ፡ ኣብ ሸቓልቀልን ነውጺን ኣብ ዝኣተወሉ ድማ፡ ፕሮግራማት ድምጺ ሓፋሽ ናብ 5 ዓረገ፡፡ ሓድሽ ፈነወ ብቛንቋ ትግረ እውን ብ18/08/1979 ተበሰረ፡፡

ፈኸራን ዘርባዕባዕን ጸላኢ ኣብ ፕሮፓጋንዳ ተሳዒሩ፡፡ ብዮማት ጺጋሙ ብህዝባዊ ሰራዊት ምስ ተጨልገመ ኸኣ፡ ምስ ምድልዳል ቀዋሚ ደፋዓት ሬድዮ “ድምጺ ሓፋሽ” ናብ ዓምበርበብ ተመልሰት፡፡ እቲ ኣብ ላዕላይን ታሕታይን ዓራግ ተመቓቒሉ ኣብ ትሕቲ ቴንዳ ኮይኑ ክሰርሕ ዝጸንሐ ጨናፍር፡ ቀዋሚ ኣብይቲ ተዳልዩሉ፡ ኣብ ሓደ ተጠርኒፉ ስራሓቱ ክካየድ ጀመረ፡፡ ምስ'ዚ ጥጡሕ ሃዋህው፡ ክፍሊ ዜናን ፕሮፓጋንዳን ህዝባዊ ግንባር ሕጽረት ክኢላዊ ዓቕሚ ብምምሕያሹ ንኣቀራርባ ፕሮግራማት ብሸማግሌታት (ሸማግለ ትግርኛ፡ ሸማግለ ዓረብ ......) ብምሕያል፡ ኣብ ምእካባን ምዕቃብን ዝዋስኣ (ምክትታል፡ ልኡኻት፡ ኣርካይቭስ ... ወዘተ) ኣቑሙ፡፡ ብዝጸፈፈ ቅርጻን ኣውዳድባን ከኣ ስራሓቱ ኣብ ሰንጭሮ ዓምበርበብ ተተሓሓዘ፡፡

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ብዝሰፍሐ ኣብ ዓለም ክቃላሕ ጀሚሩ፡፡ ብዞባ ፍትሓውነት ቃልሲን ቀጻሊ ምዕባለታቱን፡ ጅግንነታዊ ቃልሲን ተወፋይነትን ህዝቢ፡ ንቐንዝናን ግስጋሰን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘረጋግጽ ሓበሬታ፡ ናይ ጸላኢ ተግባራት ግፍዒ ዘቃልዑ ጭብጥታት ምቕራብ፡ ብቐንዱ ግደ ክፍሊ ዜና ህዝባዊ ግንባር ኩይኑ፡፡

ኣብ ሓጺር እዋን “ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ”፡ ንፈተውቲ ሰውራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንጸላእቲ እውን ከም እምንቲ ምንጪ ሓበሬታን መወከሲትን ከተገልግል በቒዓት፡፡ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ህሞት እምበኣር'ያ፡ “ድምጺ ሓቂ” ዝብል ንባህርኣ ዝውክል ቅጽል ስም ዝተጠመቐት፡፡ ምስጢር ህቡብነታን ሓይልን ዝኾነ ትሕዝቶኣን ከኣ፡ ሰዓብታን ደገፍታን ኣብ ሰዓቱን ግዜኡን ዝልግስዎ ዝነበሩ ሓበሬታ'ዩ፡፡

ጽሑፋትን መጽሄታትን ክፍሊ ዜና እውን ማሳርዕ ኣይቀረጹን፡፡ ብዙሓዩለን ብዘተወደባን ትሕዝቶ'የም ዝሰገሙ ነይሮም፡፡ “ተሓሰ”ን “እውነት”ን ዝበሃላ ብኣምሓርኛ ዝዓለዋ ጽሑፋት፡ ኣብ ወሸጢ ደፋዓትን መዓስከራትን ጸላኢ ብስልኪ ክዝርጋሓን፡ ብልኡኻት “ድምጺ ሓፋሽ” ብመጉልሒ ድምጺ ኣብ ደፋዓት ጸላኢ ክቃልሓን ክኢለን፡፡ እዘን መጽሄታት ብዝሕደራኦ ጽልዋን ህዝባዊ ሰራዊት ብዝሕደረሉም ጸቕጥን፡ ሰራዊት ጸላኢ ብብዝሒ ኢደም ይህቡ ከምዝነበሩ ይምስክር'ዩ፡፡ ብቐረባ ንወጻእተኛታት ህሉው ኩነታትን ቅኑዕነት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን እተብርህ፡ “ድምጺ ሓፋሽ” እትብል ብእንግሊዝኛ እትሕተም ጋዜጣውን ተኣታትያ፡፡ እዛ ጋዜጣ፡ ፍትሓዊነትን ህዝባዊነትን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምንጻር፡ መግዛእታዊ ባህርያት ስርዓት ደርግ ኣብ ምቅላዕ. . . ሰሪሓ፡፡

እቲ ብናይ ኢድ ሓገዝ ምብዛሕ ዝጀመረ ጨንፈር ማሕተም'ውን፡ ጠለብ ሕትመት ውድብ ንምምላእ፡ ብኤለትሪክ ዝሰርሓ ቅልጡፋት ሓተምቲ ምስ ካሚራኦን ከምኡ'ውን ናይ ኤለትሪክ ጸሓፍቲ ብምትእትታው፡ ስራሓቱ ብዝጸፈፈን ዝቐልጠፈን ኣሰየ፡፡ ቁጽሪ ኣባላት ብምውሳኽ፡ ኣብ ኣሃዱታት (ኣካል ታይፕ፡ ምብዛሕን ምጥራዝን፡ ኦፍሴትን ካሚራን ጸገንን) ተኸፋፊሉ ስራሓት ሕትመት የሰላስል ነበረ፡፡ ጨንፈር ስእሊ እውን ናብ ኣሃዱታት ደረቕን ተንቀሳቓሲን ስእሊ ተኸፋፊሉ፡፡ ብቪድዮ፡ ስላይድ ደረቕ ስእልታትን ዝተሰነዩ ፕሮጀክታት ኣሰላሰለ፡፡ ሓይሊ ሰውራ ኤርትራ ንዓለም ኣብ ምርዳእ ዓቢ ተራ ካብ ዝተጻወታ፡ ከም “ባህሊ ቁጽሪ 3”ን “እቲ ካልእ ከናት”ን ከምኡ'ውን ክሳብ ብመደበራት ቴለቪዥን ናይ ወጻኢ ክፍንዋ ዝበቕዓ፡ ስርሒት “ናቕፋ”ን ዓወት “ናደው”ን ከም ኣብነት ክጥቀሱ ዝኽእሉ ስራሓት ዜና እየም፡፡

ሬድዮ “ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ”፡ ዘሕለፈቶ ካልእ ዝጸንከረ ኩነታት፡ ናይ 6ይ ወራር ምምዛቡ'ዩ፡፡ ጸላኢ ልዑል ምድላዋት ገይሩ ሓንሳብን ንሓዋሩን ከጥፍኣና ኣብ ዝወሰረሉ ዝበረ እዋን፡ ናይ ለይቲ ኣፈርቲ (ብኣጸዋወዳ ተጋደልቲ - ኒን) ምስ ኣገደመ፡ ድምጺ ሓፋሽ ለይትን ቀትርን ክትዕቀበሉ ናብ እትኽእል ቦታ ምግዓዝ ግድነት ኮነ፡፡ ካብ ዓምበርበብ ናብ'ቲ ብኣግራብን ኈቦታትን ዝተኸበበ፡ ልዑል ብራኸን ክሳብ ትሕቲ 0 ሰንቲ ግሬድ ዝወርሕ ዛሕሊን ዘለዎ ሰንጭሮ ሃገር (ሻባይት) ክትግዕዝ ተገዲዳ፡፡ ካብ'ታ ዝኸበደት ጀነሬተር ክሳብ ዝደቀቐ ንብረት፡ ናብ'ቲ 3 ሰዓት ዝወስድ ዓቐበት ንኸወጽእን ንኽትከልን ቡዳ እዩ ነይሩ፡፡ ኣብ'ቲ እዋን ሙብዝሕቶም ኣባላት ክፍሊ ዜና፡ ኮቲ ጸንከር ኩነታት ንምምካት ናብ ደፋዓት ስለ ዝኸተቱ፡ ውጉኣትን ስንክላንን ዝጠዘሉም ኣባላት ጥራይ እየም ተሪፎም ነይሮም፡፡ እንተ ኸኣ ግን፡ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ዝ ልሳን ሰለስተ ሚልዮን ህዝቢ ኤርትራ ‘ኣለናልኪ’ ኢሎም ተበጊሶሙላ፡፡

እቲ ይትረፍ ሰብ እንስሳ ሓኸሩዎ ዘይፈልጥ ኈቦ ሃገር፡ ብጡዕዞ ለይቲን ጣሕሽምሽምን ተሰኒሩ፡፡ ኣባላት ደማ ከዕርፍ ከይበሉ፡ መሳርሒታት ብጽፈት ተገጣጢሙ፡ ፈነወ መደባት ኣብ ልክዕ ዕለቱን ሰዓቱን ፈለመ፡፡ ሃገር ግን፡ ንኹሉ ጨናፍር ክፍሊ ዜና ክጻወር ስለ ዘይክእል፡ ንርክበን መጎዓዝያን እውን ምቹእ ስለ ዘይነበረ፡ ጨንፈር ሬድዮ ጥራይ ኣብኡ ከም ዝሰፍር ዝተገበረ፡፡ እተን ዝተረፉ ጨናፍር፡ ኣብ'ቲ ንሙብዝሕትኦን ክፍሊታት ውድብ ሓቑፉ ዝነበረ ደጀን ውድብ ኈላጉል ዓራርብ ሰፈረን፡፡

እቲ ጸንከር ኩነታት ብኸምዚ ደኣ ይፈታሕ እምበር፡ ኣፈርቲ፡ ካብ ጉዕዞኣ ንኸሰናድባኣ ለይትን ቀትሪን ሃሰስ ካብ ምባል ዓዲ ኣይወዓላን፡፡ እታ ዘይትመውት መልሓስ ጸላኢ እውን፡ ንሓፋሽ ህዝብና ንምድንጋር ዝፍዝፍ ዘይብሉ ፕሮፓጋንዳ ኣይዝበረን፡፡ እቲ ብየንተባኡ እምንየኡ ናብ'ዛ ጺዓ ንህዝቢ ዘጸገዐት “ድምጺ ሓቂ” ዝበረ ህዝብና ግን፡ ብዝለወለው ደርጋውያን ኣይተደናገረን - ኣይተሻቐለን፡፡

ድምጺ ሓፋሽ፡ ንሰገስ እናቐጸለት ናይ ንግሆን ድሕሪ ቀትርን ፈነወ ተተሓሓዘ፡፡ ምልክት ጸገሚታ ዘገጸበርቑ ሓደስቲ መደባት እውን ወሰኸት፡፡ ሻባይት፡ ቋንቋ ኩናማ፡ ከምኡ'ውን ካብ ሓራ መሬት ኤርትራ ብድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ብቛንቋታት ኣምሓርኛን ትግርኛን ዝፍነወ፡ ብህዝባዊ ወያነ ዝዳለወ መደባት ክተቃልሕ በቒዐት፡፡

ጸላኢ፡ ኣብ 6ይ ወራር ካብ ቀዳሞት ዕላማኡ፡ ምውፋር ሰንቅን ቀረብን፡ መጎዓዝያን መሳለጥያን፡ ምንቅቓሕን ምሰንዳእ መጽሄታትን፡ ፈነወ ረድዮ. . . ብሓፈሻ ደገፍቲ ሓይልታት ህዝባዊ ሰራዊት እዩ ነይሩ፡፡ እዚኣቶም እንተ ተዛሪምም፡ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ህዝባዊ ግንባር ንምድኻም ቀሊል ከም ዝኸውን ብምእማኑ ትንፋስ ዘይህብ ደብዳብ ይገብር ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ታሕተዋይ ሰንሰለታዊ ኈቦታት ሳሕል ዝነበረ ደጀን ህግሓኡ፡ ናብ'ቲ ዝበረኸ ኈቦታት ሳሕል ዓይተረ፡ ንጎቦ (ሂምቦል)፡ ኣዱብሓን ዓራርብን ክሰማም ተገዲዱ፡፡ 6ይ ወራር 15 ለካቲት 1982 ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ክጅምር እንከሎ፡ ሓያሎ ኣብያተ ስራሓት ናብ'ቲ ሓድሽ ደጀን ግዝበን ነይረን፡፡ ናይ ክፍሊ ዜና ናብ ሃገርን ዓራርብን ምምዓዝ እምበኣር፡ ምስ ኣደላይነት ምግፋሕ ደጀን ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ'ቲ ወግእ ብወገን ኣግራዕ ምስ ዘጋጠመ ጸቕጢ ዝተተሓሓዘ'ዩ፡፡

ሃገር፡ ብደቡባዊ ምብራቕ ካብ ኣዱብሓ፡ ብደቡብ ካብ ሓሰታ፡ ብምዕራብ ካብ ሃማጠሶታ ብጎልጎ'ዩ ዝኽሸፍ፡፡ ብኹሉ ወገን ዝረአ ቦታ ከኣ፡ ብቛንቋ ትግረ ‘ሻባይት’ ስለ ዝበሃል ከኣ፡ እዚ ስም እዚ፡ ምስጢራዊ መጸውዒኡ ኩኑ፡፡ ሃገር (ሻባይት)፡ ንድምጺ ሓፋሽ ንዝወሓ ግዜ ዘዕቀበት'ያ፡፡ ብ11 ሓምለ 1982 ናብ ሻባይት ዝግዓዘት “ድምጺ ሓቂ”፡ ክሳብ ዕለተ ናጽነት፡ ኣብ'ዚ ቦታ ጸኒሓ፡፡

“ድምጺ ሓፋሽ” ብውቅልና ዘይኮነ፡ ብቐጥታ ናይ ሓፋሽ ድምጺ እያ ነይራ፡፡ ገለ ካብ ኣሳታፊ ዝነበረ መደባታ “ደብዳብታት ካብ ኣንክቡዚ” - “ጆውሶት ሚክሮፎን ኣል ኢዛዒ” - “መደብ ሕቶን መልስን” - “ምርጫ ደርፌ” - “ሰላምታ ከምርኮኞች” - “ምርኮኛው ይናገር” ክጥቀሱ ይኽእል፡፡

ብሓፈሻ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝፍነዉ ዝነበሩ ሓበሬታታት ድምጺ ሓፋሽ፡ ኣብ ሓቂ ዝተመርኰሱ፡ ካብ ውድዓዊ ኩነታት ዝብገሱ፡ ርጡባትን ብቐሊሉ ኣብ እዝኒ ሰማዒ ዝሰቀሩን ኣብ ርእሲ ምንባርም፡ ንፍትሐን ልዕልናን ሕጊን ዝምጉቱን ዘራጉዱን ንህዝቢ ሞራልን ተስፋን ዘሰንቑ ንቓልሲ ዞማምቑ ንተጻባኣቲ ዘቃልዑን ዝበድሁን'የም ነይሮም፡፡ እቶም ኮቲ ፕሮግራማት ዘሰነዩ ደርፍታት'ውን ንጅግንነት ተጋዳላይ ዝኮለሐን እምነት ዘሰፍሑን ብምንባርም፡ ክሳብ'ዚ ዕለት ኣዝዮም ህቡባትን ተበሃጊን እየም፡፡ ተጋዳላይ ይኹን ሓፋሽ ህዝቢ፡ ኣብ'ዞም ደርፍታት ተዘክሮታትን ጥብቆሕታትን ኣለዎ፡፡

በዚ ዝረዓደ ጸላኢ፡ ነዛ “ድምጺ ሓቂ” ካብ ገጽ ዓለም ከወግዳ ክንደይ ጎዳጉዲ ዘይፈሓረ፡፡ ሓይሊ ምጥቃም ፋይዳ ምስ ሰኣነ፡ ብ“ጃሚንግ” (ኣብ መስመራታ ብርቱዕ ደምጺ ብምፍናው) ክዕፍና ክንደይ ዘይጸዓረ፡፡ ተበላሓትነት ደቃ ግን ኣሕሊፉ ኣይሃባን፡፡ ከም'ቶም ዝቐደሙ ውዲታት፡ ድሕሪ ብርቱዕ ምርብራብ ብቴክንኻ ተሳዒሩ፡፡ ብዘሰዓቦ ሰፍ ዘይብል ፋይናንሳዊ ክሳራ እውን፡ ኮቲ ዘይሕጋዊ ስራሕ ከቋርጾ ተቐሲቡ፡፡

ትሕዝቶን ኣቀራርባን ፍርያት ክፍሊ ዜና ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ክውንነታዊ እዩ ነይሩ፡፡ ዓወታትን ስርሒታትን ዓውደ ኩናት ዘይግዝፍኖም ኣይተዋህበምን፡፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ናይ'ቲ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ቃልሲ ዝሰላሰል ዝነበረ ናብ ሓቂ ዝቐረበ ስእሊ'ዩ ዝወሃብ ዝነበረ፡፡

ምጅማር ፈነወ ሬድዮ “ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ” እምበኣር፡ ኮቲ ጸላኢ በይኑ ብሓቲቱ ዝጸንሐ ስራሕ ምምሕላፍ ዜና፡ ፕሮፓጋንዳዊ መግለጺታትን ፖለቲካዊ ሓበሬታን ብኣየር ንምብዳህ እዩ ነይሩ፡፡ እዛ ካብ 10 ሜትሮ ኳድሮ ኣብ ዘይትሓልፍ ንእሽቶይ ወተሃደራዊ ቴንዳ፡ ብእንኮ ‘ትራንዝሚተር’ ዝጀመረት ሬድዮ ህዝባዊ ግንባር፡ ናይ ዘመናት ናይ ኢትዮጵያ ናይ ሓሶት ፕሮፓጋንዳ ሃደሽደሽ ኣቢላቶ፡፡ “ድምጺ ሓፋሽ”፡ ተበላሓትነት፡ ዘይጸንቀቕ ትዕግስቲ፡ ናይ ዓወት ርጉጽነት፡ ተሰፋ ናጽነትን ጽኑዕ እምነትን ሕላገት ተጋዳላይ ከምዝነበሩ ናይ ቀረባ ኣብነት'ያ፡፡ እዛ ንህዝብናን ደገፍታን ፍናን ዝሰነቐት፡ ብሓቅነታ ዘመስከረት ፈላሚት ሬድዮ ሰውራ ኤርትራ፡ ኣብ እሳት ዝተኾሰት ድምጺ ህዝቢ እያ፡፡

እዚ ቅንያት'ዚ ጽምብል መበል 40 ዓመት ምምስራት ሬድዮ “ድምጺ ሓፋሽ”ን ሓድሽ ዓመትን ምስ ምኳኑ፡ ንዓና ንኤርትራውያን ድርብ በዓል እዩ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከኣ፡ ብዙሓት ኣብራትን ህሉዋትን ኣባላት እዛ ሬድዮ ዝኸርታቶም ከፍልሉ እትሰፍ፡፡

እዛ ንውዕለት'ዛ በዓልቲ ቃልኪዳን ዘይትበቅዕ ጽሕፍቲ ከዕልለኩም ምምራጸይ፡ ዝሓለፈ ፍጻመታት ብምርሳዕ ህሉው ኩነታት ከይዝንጋዕን ተራ ናይ ሰብ ውዕሎ ምስግጋር ታሪኽ ንምብርባርን ካብ ዘለኒ ተገዳስነት እዩ፡፡ ንታሪኽ ኤርትራ ዝድህስሱ ብዙሕ ጽሑፋት ክቐርቡ ፈተነ ይግበር ኣሎ፡፡ እዚ ደፍኢት፡ ኮቲ ኩላትና ብሃንቀውታ ኣብ መጻኢ ክቐርብ እንጽበዮ ምርምራዊ ጽሑፍ ታሪኽ ገድሊ ከምዝቀላጥፍ ሰብ ተስፋ ኢና፡፡

ንድሕሪት ተመሊስካ ተራን ኣበርክቶን እዛ ሬድዮ፡ ዝሓለፈቶም መሰገደላት ከተስተንትኖ ክትተርኽ፡ ንሰለኣ ዝተወፈዩ ኣብ ልዕሊኣ ብዝተኻየደ ደብዳብ ነፈርቲ ሂወቶም ዝሰኣኑ ሰለለይ ዝበሉ መናእሰያት ክትዝክር፡ ሕጂ በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ከይረኣዩ ምኻኖም ቅጅል ይብለካ፡፡ ኣብ'ቲ “ሰውራ ኤርትራ ኣብቂዑ'ዩ” ተባሂሉ ዳንኬራ ደርጊን ደገፍቱን ዝተጋወሓሉ፡ ህዝቢ ኤርትራ “ዋይ ኣነ ደቀይ! ዘራይዶ ሰኢናም” እናበለ ናብ ውሽጢ ዝቖዘመሉ ናይ ምዝላቕ እዋን፡ እዛ “ድምጺ ሓቂ” በሎኽ ምባላ ዓቢ ምዕራፍ እዩ ነይሩ፡፡

ኣብ 6ይ ወራር ከም ቀንዲ ጠንቂ ፍሽለቶም ቆጺሮም ብፍሉይ ክሃድኑዋ፡ ኣፎይታ ሰኢና ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተኸላበተት መዕቀቢ ክትናዲ፡ ኩሉ ሃገር ምስ ሓሊፈ ክተውግዖሉ ቀሊል'ዩ፡፡ ናብ ኈቦ ሃገር እንክትግዓዝ ሽለው ኣብ ዝበለ ጸድፌ ብዘርሃን ወርሒ ተደጋጊፍካ ክሕኮር፡ ሰዓት ፈነወ ንምሕላው ጭልምልም ብዝበለ ሙብራህቲ ብሃሳስ ለፀም ኣቑሒት ክጦጥጠም. . . ዘይተኣገረ እምበር ዘይተራእየ ብደሆ ኣይነበረን፡፡ ግን ከም'ቶም ካልኦት መሰገደላት ሰውራ ኤርትራ ተሓሊፉ - ብጸገማትን ሓበንን፡፡ ሓበን ንመስረትቲ፡ ደገፍትን ሰዓብትን ሬድዮ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡፡ እቶም ንሰለኣ ዝተረባረቡ ኸኣ ሓበን ይሰምዖም፡፡ ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣት፡፡

ኣብ ምጅማር ድምጺ ሓፋሽ ዝነበረ ሓጎስን ደስታን ህዝቢ ኤርትራን ሰራዊቱን፡ ብቓላት ክግለጽ ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ብዞባ ምጅማራ እውን፡ ብዙሕ መንፈሳዊ ዕጥቂ ዘሰንቕ ዜማታት ተደሪፉላን ተገጢሙላን'ዩ፡፡ ገለ ካብኡ ብወዲ ትኹል ዝተደርፈት፦

ልሳነይ ደሃየይ ምስትያተይ
ኣቦሰራት ወረ ዓወተይ
ባሕቲ ጥሪ ኣብ ሰብዓን ትሸዓትን
ግዜ ምዝላቕ እቲ ጠፊኣም ክበሃል
ተወሊዳ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ
ንፈተውቲ ህላወኣ ኣበሲራ
ጸላኢ የሕረራ
ድምጺ ሓቂ ኣብ እዝኒ ኹሉ ዓሊባ
ወይትጉዳ ሓሶት ዓቕላ ጸቢባ
ክልተኣን ገጽ ንገጽ ተጋጢመን
ኣካ ረኣና ሓሶት ርእሳ ክደንን
ብላሽ ክትበጽን
ድምጺ ሓፋሽይ እምንቲ ማዕከን
ዝበላ የብላን ዓይና ትደፈን

ምልክታ

ቤተልሄም ታደሰ - እምነት ኣማኑኤል

ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኖህ ወረደብርሃን ኣበራ ምባል ተሪፋ፡ ኖህ ጎይትኦም ኣበራ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/1/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ቁጽሪ 38 ይቕረብ።

መርሃዊት ኣብርሃም ሰዮም ምባል ተሪፉ፡ ራሀዋ ኣብርሃም ሰዮም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ቁ/38 ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ
ኣርባዕተ ኣስመራ

ዶክተር ኪሮስ ፍረ ወልዱ፡ ወለደይ ኣቶ ፍረ ወልዱ ክፍላይን ወ/ሮ ደሃብ ገብረማርያምን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ
ዓዲ ሰግዶ

ወ/ሮ ሃንሱ ክብሮም እንግዳ፡ በዓል-ቤተይ ዘካርያስ መሰል ሰባህቱ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ
ዳዕሮ ጳውሎስ

ፍጹም ተኪኤ ገብረመድህን፡ ኣደይ ወ/ሮ ንግስቲ በርሀ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሊባን

ጸጋ ገብረሂወት ኪዳነ፡ በዓል-ቤተይ ዑጉስ ሰመረኣብ ጸጋይ ካብዚ ሃገር ካብ ዝወጽእ 8 ዓመት ጌሩ፡ ሃለዋቱ ስለዘይብለይ፡ ቃልኪዳነይ ከውርድ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ
ዓዲ በዝሓንስ

ወ/ሮ ንግስቲ ዑቕባሚካኤል ተላ፡ በዓል-ቤተይ ሓድጉ መሓረ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 9 ደቀይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምልክታ ጨረታ

ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን፡ ኣብ ውሽጢ ቀንዲ ኣደራሹ ዘይንቀሳቐስ ስርዓት ድምጽን ብርሃንን ከተግብር ስለዝደለየ፡ ነዚ ብርትዓውን ሞያዊ ብቕዓትን ክዓሙ ዝኽእሉ ክኢላታት ንጨረታ እዕድም።

ንዝርዝር ንብረትን ስራሕን ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማሕበር ኤርትሮ-ጀርመን መጺእኩም ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ስራሕ ቦታ በዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺእኩም ክትዕዘብዎ ከም እትኽእሉ እናሓበርና፡ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ኣትሒዙ ን14 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ ዝቐጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎም ኣብ ዝተረኽብሉ ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቀትሪ ይኽፈት።

ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ በዚ ጨረታ ኣይግደድን እዩ።

ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ 8፡00 - 12፡00 ድ.ቀ ካብ 2፡00 - 6፡00

ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን
ቴለፎን 122193

ብስራት ንፍቀርቲ ንባብ



ኣብ ዛንታ መጽሓፍ "ፈቃር ሰላም" ፍቕርን ቀርዱን ድልየትን ግርምቢጥ ጎፍታኡን ስደትን ተኾርባኡን ብሂይቱ ኣሎ። ትንፋስ ናይ'ቶም ብኣንፈ ሞት ኣቢሎም ናብ ስደት ዝተሃንፈፉ መጻምድቲ ኣብ መንጎ ዕርገትን ህላወን ኣንሰላልያ ክትጣራዕ ስደትን ገልታዕታዕን ምስትምሳልን ጣዕሳን ምስ ዕጹው ምርጫታት እንክጋጨዉ ሂወት ብዘይጠለለ ውሕስነት ክትጓዓዝ ክትወድቕን ክትትንስእን መጽሓፍ"ፈቃር ሰላም" ኣብ ዋሕዚ ዛንታኣ ኣውሒዛቶ ኣላ። እታ ልባ ሃረር ዝበሎ መዘና ዝተሓረማ ኮተቴ ብጽምኢ ፍቕሪ ቀራዕ ክትብል ንሓዳር ብዘይፍቕሪ ተቐሲባ ምስ ቃንዛኣ ክትላዘብ ሂወትን ደልሃመትን ክመሳሰሉዋ ትረኣ።
ኣብ መጽሓፍ "ፈቃር ሰላም" ሰላም ንሰላም ከተማዕዱ ኣብ ስንክሳራት ትጓዓዝን ሂወትን ሞትን ይዋጠጡላ። ኣብ ሓቀኛ ዛንታ መጽሓፍ "ፈቃር ሰላም"
ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመትን በዓል ልደትን ኣብ ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሓ ኣላ።
ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ሞባይል 07198335
ምውካስ ይከኣል።

ብስራት ንተመሃሮ 6ይ-12 ክፍሊ

5 መጻሕፍቲ Essential፡ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ጠርኒፈን፡ ኣብ ስተሺነሪታት ተዘርጊሔናልኩም ኣለዋ። ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ ከም፡ **መምሃሪ፡ መወከሲ፡ መጽንዕን መለማመድን** ተገልግል።

Essential Grade 6

Essential Grade 7

Essential Grade 8

Essential Grade 9 Two Books

ከምኡ'ውን፥

ዘጽናዕኩምዎ ዘበለ ንምፍታሽ፡ ፍልጠትኩም ንምግምጋም፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ንዝኾነ ፈተና (test/exam) ንምድላው ዝሕግዛኹም፡ ኣሽሓት ሕቶታት ምስ መልስታቱ ዝጠርነፉ፡ 3 መጻሕፍቲ **Essential Examiner:** ኣብ ስተሺነሪታት ኣለዋኹም።

Essential Examiner — Grades: 6, 7 & 8 (Junior)
- ✓ Mathematics
- ✓ English
- ✓ Science
- ✓ Social Studies

Essential Examiner — Grades: 9-12 (Science)
- ✓ Mathematics
- ✓ English
- ✓ Physics
- ✓ Biology
- ✓ Chemistry

Essential Examiner — Grades: 9-12 (Art)
- ✓ Mathematics
- ✓ English
- ✓ Geography
- ✓ History
- ✓ Business & Economics

ንዝያዳ ሓበሬታ፥ 07142402/07461121

ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኤርትራ (ሃማኣምስኤ) ነዚ ዝስዕብ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ኣወዳዲሩ ክቖጽር ይደሊ ኣሎ።

ክፉት ቦታ ስራሕ	ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር
ደረጃ ትምህርቲ	ብምሕደራ 12^{+4} ን ልዕሊኡን
ልምዲ ስራሕ	ብምምሕዳር ካብ 3 ኣኣመት ንላዕሊ ዝሰርሐ/ት
ዕድመ	ካብ 30 - 65 ዓመት

ግቡእ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝፈጸመ/ት ወይ ዘይምልከቶ/ታ
ቦታ ስራሕ ኣስመራ ኮይኑ፡ ከም ኣድላይነቱ ንዞባታት ምንቅስቓስ ይህሉ።
ብዝሒ 1

ኣመልከቲ ሰነዳት ትምህርትን ልምዲ ስራሕን ኦርጂናል ምስ ኮፒ፡ ከምኡ'ውን ሲቪ ብምትሕሓዝ ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማኣምስኤ ብኣካል ወይ ብቁ/ሳ ፖስታ 12315 እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጽኣሉ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት የቕርቡ።

ኣድራሻና፦ ጎደና ኤርትራዊት ኣደ ዚፕ 176-9 ቁ/ገዛ 26/28 ፊት ንፊት ደንደን ስፖርት ክለብ እዩ። ቁ/ስ 111668/08370384

ሃማኣምስኤ

ምልክታ

ወ/ሮ ጽገሬዳ ዮውሃንስ በሪሁ ዝተብሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ከባቢ ኣባሻውል፡ ጎደና ሓድሽ ዓዲ 1A132 ብቁ.መለለዩ ገዛ ASD00037639 ብስም ወለደይ ነፍ/ሄር ዮውሃንስ በሪሁን ነፍ/ሄሪት ለምለም ተስፋይን ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፎ ስለዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገሬዳ ዮውሃንስ በሪሁ
ሕ/ወኪል ወ/ሮ ሰናይት ተስፋይ

ሃይለ ዳኒኤል

ታይላንድ - ትሮፒካዊ ዝናብ 'ፓቡክ' የሻቕለ

ኣብ ታይላንድ፣ ካብ ብቕድሚ ትማሊ ኣትሒዙ ክዘንብ ዝጀመረ ትሮፒካዊ ዝናብ 'ፓቡክ'፣ ንሩስ ዝተሓወሶ ዝናብ ኣሰጋጹ ናብ ደቡባዊ ክፋል'ታ ሃገር ይሕምብብ ምህላዉ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመት ካብ ዝተራእዩ ተመሳሰልቲ ማዕበላዊ ዝናባት ዝበርትዐ ምዃኑ ዝነገረሉ ዘሎ ትሮፒካዊ ዝናብ ፓቡክ፣ ንፍሉጣት ናይ በጻሕቲ ቦታታት ወይ ሰፍራታት ክዘርግም ምዃኑ እውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ (ብኣቆጻጽራ ታይላንድ) ዝጀመረ ብርቱዕ ህቦብላዊ ዝናብ፣ ንክፍሉ-ሃገር ናኮን ሲ-ታማራት ከም ዝዘረመ እውን ክፍሊ መቲዮሮሎጂ ታይላንድ ሓቢሩ ኣሎ። በዚ ድማ፣ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ዝርከብ ደሴታት ዝበጽሑ ብኣሽሓት ዝፍቀዱ ሰባት፣ ነበርም ንኸድሕኑ ናብ ካልእ ቦታ ይግዕዙ ከም ዘለዉ እዩ ተገሊጹ። ነበርቲ'ተን ደሴታት ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፣ ኣብ'ተን ደሴታት ብዘረኣይ ዘሎ ብርቱዕ ንፋስን ማይን - ክሳብ ቀዳም ኣብ ዘሎ ግዜ ድሕሪ ሰዓት ኣርባዕተ ድ.ቐ. (ብኣቆጻጽራ ታይላንድ) ዝኸፍአ ስቡ ካብ ገዛኡ ከይወጽእ ከምዝተሓብሩ እዩ።

ኣብ'ዚ ዘለናዮ ወቕቲ፣ ኣብ ወሽመጥ ታይላንድ - ህቦብላ ዝተሓወሶ ዝናብ ክኸሰት ምርኣይ ንቡር ከም ዘኾነ እዩ ዝነገር። እንተኾነ፣ እዚ ሎሚ ዓመት ኣብ'ታ ሃገር ክዘንብ ጀሚሩ ዘሎ ትሮፒካዊ ዝናብ ፓቡክ፣ ሓደ ካብ'ቶም ዝሓየሉ ምዃኑ እዩም ብዙሓት ክኢላታት መቲዮሮሎጂ ዝገልጹ።

ክፍሊ መቲዮሮሎጂ ታይላንድ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፣ እቲ ህቦብላዊ ዝናብ፣ ኣብ ዝቐጽል መዓልታት ኣብ ደቡባዊ ክፋላት'ታ ሃገር ክቕጽል ምዃኑን ነበርቲ እቲ ከባቢ በቲ ሓያል ዝናብ ካብ ዝፍጠር ዕልቕልቕን ምህማምን መሬትን ክጥንቀቑ ከምዝዋጽእን ሓበሬታ ሂቡ ኣሎ።

ኣብ'ታ ሃገር ካብ ዝተራእዩ ዝበርትዑ ህቦብላታት፣ እቲ ኣብ 1989 ዝተራእየ ብታይፉን ገይ ዝፍለጥ ህይወት 800 ሰባት ዝወሰደ ህቦብላዊ ዝናብ እዩ።

ዜጋታት ኣመሪካ፣ ኣብ ቻይና ጥንቃቐታት ክገብሩ ይምከሩ

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፣ ናብ ቻይና ንምብጻሕ ዝኸዱ ዜጋታታ ልዑል ጥንቃቐታት ክገብሩ ከም ዘለዎም ኣዘኻኺሩ።

እታ ሃገር ዚ መጠንቀቕታ ተወጽእ ዘሎ፣ ዝሓለፈ ወርሒ ቻይና፣ ድሕሪ'ቲ ብካናዳ ዝተወሰደ ምእሳር ኣካያዲት ስራሕ ኩባንያ ሁዋወ፣ ዜጋታት'ታ ሃገር ድሕሪ ምቕያዳ እዩ። እታ ብኣመሪካውያን ኣኽበርቲ ሕጊ ተኸሲሳ ዘላ መንግ ዋንዙ፣ 'ብመንግስቲ ዋሽንግቶን ዝተቐመጠ እገዳታት ጥሒሳ' ተባሂላ ከም እተኸሰሰት እዩ ዝሕበር።

ኣመሪካ፣ ዓመት ዓመት ተመሳሳሊ መጠንቀቕታታት ከም እተዘርግሕ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ግን፣ ምስ ህሉው ፖለቲካዊ ጉዳያት፣ ፍልይ ከም ዝበል ይሕበር። ንሱ ከኣ ናብ ቻይና ዝኸዱ ኣመሪካውያን፣ ካብ'ቲ ኣብ ቻይና ዘሎ 'ምልካዊ' ዝበሉዎ ክጥንቀቑ ዝሕብር እዩ።

ቻይና እውን ብተመሳሳሊ ናብ ኣመሪካ ዝኸዱ ዜጋታታ፣ ኣብ'ታ ሃገር ካብ ዘሎ ሓደጋታት ጃምላዊ ተኹሲ፣ ልዑል ዋጋታት ክንክን ጥዕናን ስርቂን ክጥንቀቑ ሓበሬታ ክትዝርግሕ ምጽንሓ ይግለጽ።

ክልቲአን ሃገራት፣ ዋላ'ኳ ፖለቲካዊ ምፍሕፋሓት ይሃልወን፣ ካብን ናብን ክልቲአን ሃገራት ብዘመላለሱ በጻሕቲ ግን፣ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ከም ዝስርዓ እዩ ዝነገር።



ጃፓንን ሩስያን ምስሕሓበን ንምፍታሕ ይዘራረባ

ቀዳማይ ሚኒስተር ጃፓን ሺንዞ ኣቤ፣ እቲ ካብ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣትሒዙ ንሃገሩ ምስ ሩሲያ ዘሰሓሕብ ጉዳይ እኩባት ደሴታት ወግዓዊ መኽተምታ ክገብረሉ ምዃኑ ትማሊ ዓርቢ ቃል ኣትዩ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፣ ኣብ መፋርቕ ናይ'ዛ ሒዝናያ ዘሎና ወርሒ ጥሪ ዝቖጸር መበል 25 ኣኼባ እዘን ሃገራት፣ ኣብ ጉዳይ እተን ኣብ መወዳእታ መዓልታት ካልኣይ ኩናት ዓለም ቡታ ናይ ሽዑ ሕብረት ሶቭየት ናይ ሕጂ ሩሲያ ዝተታሕዛ ደሴታት፣ ምስ ሩሲያዊ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ተራኺቡ ክዘራረብ ምዃኑ ሓቢሩ ኣሎ። ንሱ ወሲኹ ከም ዝሓበሮ፣ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዝጋበር ርክብ፣ ሰላም ንምስፋን ዝዓለመ ምዃኑ እዩ። ኣብ ጉዳይ እዘን እኩባት ደሴታት፣ ንዝሓለፉ 70 ዓመታት ዝኸሰ ምዕባለ ወይ ገስጋስ ከም ዘይተራእየ እዩ ዝነገር።



ክልቲአን ሃገራት፣ ነተን ብ'እኩባት ደሴታት ደቡብ ኩሪል (ብወገን ሩሲያ)' 'ሰሜናዊ ግዝኣታት (ብወገን ጃፓን)' ዝፍለጣ ኣርባዕተ ደሴታት፣ እጃታይ እየን ብምባልን ክሰማምዓ ከምዘይከኣላ ይፍለጥ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቤ፣ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፣ ምስ ፕረዚደንት ፑቲን ኣብ ወርሒ ሕዳር ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሲንጋፖር ኣብ ዝተራኸቡሉ እዋን - ነቲ ኣብ 1956 ዝበጽሓኦ ሓባራዊ ስምምዕ ብቐልጡፍ ክተግብራኦ ከምዝዋፈራ ከምዝተረዳድኡ ሓቢሩ።

ፑቲንን ኣቤን ኣብ ዝሓለፈ እዋናት፣ ብዛዕባ እተን እኩባት ደሴታት ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዘሎ ምፍሕፋሕ ንምፍታሕ ርክባት ከካይዱ ምጽንሖም እዩ ዝገለጹ።

ኮሎምብያ - ፍርያት ቈጽሊ ኮካ ንኣመሪካ የሻቕል

ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማይክ ፖምፐዮ፣ ኣብ ኮሎምብያ ዝርአ ዘሎ ምውሳኽ ፍርያት ቆጽሊ ኮካ (ንዕጸ ፋርስ ኮካይን መስርሒ ዝጠቅም) ኣገዳሲ ከም ዘተሓሳስቦ ገሊጹ።

ንሱ ምስ ፕረዚደንት ኮሎምብያ ኢቫን ዱክ ኣብ ዘካየዶ ርክብ፣ እታ ሃገር ክሳብ 2023 ኣብ ዘሎ ግዜ ምፍራይ ኮካ ብኣስታት 50 ሚእታዊት ክትቅንሶ ከም ዝተረዳድኣ ድማ ይሕበር ኣሎ።

ኮሎምብያ፣ ነቲ ዓይነት ቈጽሊ ንምጥፋእ ኣበርቲዓ ክትሰርሕ ምዃና ክትገልጽ ጸኒሓ እያ። ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋናት፣ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝዘርግሖ ጸብጻብ፣ ኣብ'ታ ሃገር ዘሎ ናይ ሕርሻ መሬት፣ ክበራ-ወሰን ብዝሓዘ ብዝሒ ተኽሊ ኮካ ከም ዝዘራእ እዩ። እታ ሃገር ንፍርያት ዕጸ-ፋርስ ኮካይን ንምግታእ ብኣመሪካ ናይ ኣስታት 400 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ እናተዋህበሉ፣ ንኣፍረይቲን ኣሰርቲን እቲ ዕጸ-ፋርስ ንምህዳን ንበዙሕ ዓመታት ክትቃለስ ምጽንሓ ይፍለጥ።

ብቐንዱ እቶም ነቲ ኣትክልቲ ኣፍረይም ዝሸጡ ሓረስቶት እትዋቶም ኣገዳሲ ብዙሕ ብምዃኑ፣ ካልኦት ዓይነታት ዘራእቲ ከፍርዩ እንተኾይኖም፣ ካብ መንግስቲ ገዚፍ መጠን ገንዘብ ክቕረበሎም ከምዝለዎ እዩ ዝሕበር።

ኮሎምብያ፣ እታ ዝበዝሐ ኣወሃሃፊ ዕጸ-ፋርስ ኮካይን እተፍሪ ሃገር ክትከውን እንከላ፣ ኣመሪካ ድማ ብምህላኽ እቲ ሓሽሽ ኣብ ቀዳማይ ተርታ ከም እትስራዕ እዩ ዝነገር።

ሰራሕተኛታት 'ክረዲት ስዊዝ' - ነበር ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም

ኣብ 'ክረዲት ስዊዝ' ዝተባህለ ናይ ወፍሪ ባንክ ሰራሕተኛታት ዝነበሩ ሰለስተ ሰባት፣ ኣብ ሞዛምቢክ ኣብ ዝተጠፋፍአ ኣስታት ክልተ ቢልዮን ዶላር ኢድ ኣለኩም ብዝብል ክሲ፣ ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ከተማ ለንደን ከምእተኣሰሩ ተሓቢሩ።

እቶም ክሱሳት፣ ካብ ቤት ማእሰርቲ ብዋሕስ ተለቒቖም እኳ እንተነሃለዉ፣ ኣመሪካ ግን ንኽትረኽቦም ትጽዕር ምህላዋ እዩ ዝግለጽ።

እቲ ገንዘብ ብመንግስቲ ሞዛምቢክ ንዘውትና ኩባንያታት ዝተዋህበ ልቓሕ ዘጠቓለለ ምዃኑ እውን ይሕበር ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፣ ሚኒስተር ፋይናንስ'ታ ሃገር ዝርከቦም ክልተ ሰባት፣ ምስ'ዚ ጉዳይ ብዝተሓሓዘ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘለዉ ተፈሊጡ።

ካብ 2013 ክሳብ 2016 ኣብ ዝተኻየዱ ቁጠባዊ ንግግድ፣ ልዕሊ ክልተ ቢልዮን ዶላር መንግስቲ ሞዛምቢክ ከምዝተለቅሐ ይግለጽ። እቲ ክሲ፣ እቶም ኣብ ኒውዮርክ ዝርከብ ቤት-ፍርዲ ዞባ ተኸሲሶም ዘለዉ ሰራሕተኛታት ነበር፣ ኣብ እዋን ንግግድ ንኣውፈርቲ ንምትላል ውዲት ከም ዝኣለሙ እዩ ዝገልጽ።

ንሳቶም ገንዘብ ንምእካብ ናይ ማገታይም ፕሮጀክትታት ከም ዝተጀመረ ብምምሳል ናብ ጃፓኑም ከም ዘእተውዎ፣ ኣስታት 200 ሚልዮን ዶላር ካብ'ቲ ልቓሕ ድማ ከም ገቦ ንሰብስልጣናትን ካልኦትን ከም ዘውዓልዎ ኣብ'ቲ ዝቐረበሎም ክሲ ሰፊሩ ኣሎ።

'ክረዲት ስዊዝ' ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከብ ናይ ወፍሪ ባንክ ምዃኑ ይፍለጥ።

ተረኛ ፋርማሲ	ዕለት	ጎደና	ቁ.ስልኪ
በት ማኮጣ መድሃኒት ጎዳይፍ	5/1/2019	ጎደና እምባርሚ 755፥ ከበ ሚሪ ሕርሻ	181672

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565